
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.173 | ረቡዕ 20 መጋቢት 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
መን ይበልጽ - ኣካላዊ'ዶ ማዝዋዊ ምምልካት?




ገጽ 3
'ቲክ ቶክ' - ውሳኔ ለዕለዋይ ባይቶ ኣመሪካ ይጸበ




ገጽ 4
ምስዋር መርከብ ሳይክሎፕስ



ገጽ 5
ሕጊ ልቦና



ገጽ 11
ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ቀጺሉ





# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዱ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ን5ይ እብረ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ፌደረሽን ሩሲያ ብምዕዋቱ፡ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብስም መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ከምኡ'ውን ብስሙ ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ እዚ ዓወት'ዚ - መርኣያ ናይ'ቲ ፌደረሽን ሩሲያ ኣብ ትሕቲ መራሕነት ፕረዚደንት ፑቲን ዘመዝገበቶ ኩሉ-መዳያዊ ዕብየትን ምዕባለን ከምዝኾነ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣስዒቡ፡ እዚ ኢጋጣሚ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ፌደረሽን ሩሲያን ዘሎ ጽንዑ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ኣብ ምድልዳልን ምዕማቕን በቲ ሓደ፣ ምዕሩይ፡ ወካልን ፍትሓውን ኣህጉራዊ ስርዓት ክውን ንምግባር - ብሃገራት ደቡባዊ ንፍቀ-ክቢ ኣብ ዝቐጸለ ቃልሲ ድማ በቲ ኻልእ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝህልዎ ጽኑዕ እምነቱ ብምግላጽ፡ ንፕረዚደንት ፑቲን ኣሳልጦን ጥዕናን፡ ንሓው ህዝቢ ሩሲያ ድማ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዩ።

ፕረዚደንት ፑቲን ካብ 15 ክሳብ 17 መጋቢት 2024 ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ፌደረሽን ሩሲያ፡ 88 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ድምጺ ብምርካቡ፡ ን5ይ እብረ ከምእተመርጸ ዝዝከር እዩ።

# ኣብ መሬት ሕርሻ፡ ዕዉት ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ይካየድ ኣሎ



ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ መሬት ሕርሻ ዘሳስል ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ስራሓት፡ ኣብ 2023 - ቅድሚኡ ምስ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ፡ ብልዕሲ 61 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ሚኒስትሪ ሓላፊ ኣሃዱ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣቶ ዳዊት መብራህቱ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ቦታታት ሕርሻ - ብድምር ኣብ ኣስታት 26 ሽሕ ሄክታር ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን መደባት ከምእተተግበረ፡ ኣስታት 5,600 ሜትሮ ኩዕሶ ክትርታት ከምእተሰርሐን ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ላዕለዋይ ማይ-ኩዕታትን ቦታታት መጋሃጫን - ብጠቕላላ ኣብ 8 ሽሕ ሄክታር ቅናታዊ ዛላታት ከምእተሰርሐ፣ ንመዝሓሊ ውሓይዝን መከላኸሊ ደብትን ኣስታት 113 ሽሕ ሜትሮ ኩዕሶ ክትርታት ከም እተተሃንጸ ኣረዲኡ።

ብኻልእ መዳይ፡ ኣብ 2023 ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት 16 መጠኑንኣሳን ዲጋታት ከምእተሃንጻ፡ 42 ኣብ መሰርሕ ህንጻት ከምዝርከባን ዝሓበረ ኣቶ ዳዊት፡ ኣብ'ቲ መስርሕ ተራ ህዝቢን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኣዝዩ ዕዙዝ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ሳላ'ተን ብደረጃ ሃገር ቀጽረን 810 በጺሑ ዘሎ ዲጋታት፡ ኣብ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ'ውን ኣብ እቶት ምሩጻት ኣዝርእቲ ርኡይ ዕብየት ከምእተመዝገበ እውን ኣመልኪቱ።

# ትምህርቲ - ስሉሳዊ ዝምድና ክሕይል ተሓቲቱ



ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ብቐዓት ትምህርቲ ንምሕያል - ስሉሳዊ ዝምድና ተመሃሮ፡ መማህራንን ወለድን ክድልደል፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ሱራፌኤል ክፍለገርግሽ ኣዘኻኺሩ።

ኹነታት ቀዳማይ ሰሚስተር ንምግምጋም ብ17 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ - መምህር ሱራፌኤል፡ ኣብ 27 ኣብያተ-ትምህርቲ ካብ ዝተመዝገቡ ልዕሊ 22,650 ተመሃሮ፡ ብማእከላይ ገምጋም መጠን ምሕላፍ ኣስታት 73 ሚእታዊት ከምዝነበረ ብምሕባር፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ዝርአ መጠን ምትራፍ ንምንካይ ብዙሕ ስራሕ ከምዝዘተርፎም ኣረዲኡ።

ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮን መደብ ዓረያትን ጽቡቕ ዕብየት የርኢ ከምዘሎ፡ ተሳታፍነት ተመሃሮ ኣብ ገጠራት ግን - ኣዕጋቢ ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ተራ ወለዲ፡ ምምሕዳራትን መሻርኽቲ ኣካላትን ክዓዝዝ ተላቢዩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ መምህር መሓመድ-ዓሊ ኢብራሂም፡ ብቐዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ቅድመ-ትምህርትን መባእታን ዝያዳ ጸዕሪ ስለዘድሊ - ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብዕቱብ ክስራሕ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ሰዩም ጉብረእየሱስ፡ ወለዲ ዕድመ ትምህርቲ ንዘኣኸሉ ደቆም ናብ ትምህርቲ ክልእኹን ብቐጻሊ ክከታተሉን ብምዝኽኻር፡ ብቐዓትን ወጽኢትን ተመሃሮ ንምብራኽ ኩሎም ኣካላት ብዝለዓለ ክሰርሑ ኣተሓሳሲቡ።

# መን ይበልጽ - ኣካላዊ'ዶ ማንዛዊ ምምልካት?

ፍትሒ ኣርኣያም

ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ፡ ኣብ 5ይ ደርቢ ርሻን ኮይነን ናብ ጎደና እናጠመታ፡ ሓደ ጎበዝ ኣብ ታሕቲ ኮይኑ ብኢዱ ክወርዳ ኣመልኪተለን። "እንታይ ዝኾነ'ዩ?" ኢለን ከይተሃለያ ኑቲ ነዊሕ መሳልል ወሪደን "ድሓን ዲኻ?" ኢለን ሓተታኦ።

"ኣደ እልምን'የ ዘለኹ! ስለ እዝግሄር! ትኾብለይ!" በለን።

ወየን ሰበይቲ፡ በዚ ሓደሽ ቅዲ ኣለማምና ኣስተንከረን ጠመታኦ'ሞ፡ "ሕራይ በል ሰዓቢ" በሉ። ለማናይ ደድሕሪኣን ሰዒቡ፡ ኑቲ ኹሉ ሰኮላ ወጺኡ ድርኩኹት ቤተን በጺሑ። ሽዑ ወየን ሰበይቲ "ይርዳእካ እዚ ወደይ!" ኢለን ኑቲ ምርኣይ ለማናይ ጥራሕ ኢዱ ብምፍናው ሕነአን ፈደያ።

ሎሚ ሎሚ፡ ሞያ ልመና ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ደሰቱም ኣሎ። ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ፡ ብዓይነቶም ፍሉያት ለማኖ ንዕዙብ ኣለና። "ስለ-እዝግሄር! ያ ረቢ ያ ከሪም!" ዝብል ቅንጻት ኣለማምና ኣመሓዩሾም "ዝሽበርኩም ተኸታተልቲ፡ መደብና 'ሼር፡ ላይክ፡ ሳብስክራይብ!' ብምግባር ተሓብበሩና!" ዝብል ቅሂት ይደጋገሙ።

ኣርእስትና "መን ይበልጽ - ኣካላዊ'ዶ ማንዛዊ ምምልካት?" እዩ። ናብኡ ቅድሚ ምእታውና ግን፡ ንእግረ መገድና ብዛዕባ እዞም ዘመናውያን ለማኖ ሼር፡ ላይክ፡ ሳብስክራይብ ቅሩብ ወሰ ምባል ኣይጸላእን። ምስ ኣርእስትና እውን ምትእስሳር ስለዘለዎ።

ምዕባለ ቴክኖሎጂ ሚድያ፡ ሓበሬታ ኣብ ምርካብን ምዝርጋሕን ዝጸንሐ ጋግ ብምጽባብ ንህዝብታት ሰፊሕ ዕድል ፈጢሩሎም ኣሎ። እዚ ዕድል'ዚ፡ ንጥቁዋት ተገልገልቲ፡ ኣውራ ንዘሎግቲ ፍልጠትን ሰራሕን መንእሰያት እምብዛ ዓቢ ረብሓ'ዩ። እቲ ዝዋሕጸ ግዜ ህቦም፡ ንህንጸት ኣእምሮን ካልእ ጠቓሚ ዕዮን ጥዑሙን ዝረብሕሉ ቁም ነገረኛታት ብዙሓት እዮም።


ዮጉዳስ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ሚድያ ሽሻዩን ገለረጡን ማዕረ-ማዕረ'ዩ። ምስቲ ካልእ ብዙሕ ግዕዘያቱ ዘመናውያን ለማኖ እውን ሐዚኩልና መጺኡ። ለሚኖካ ሰናይ ነገር ምስራሕ ወይ ሃናጺ ኣበርክቶ ምግባር ኣይምተጸልኣን። ገለ ግቡባት ግና፡ ንምግፋጥ ሳንቲም ስሉጥ መገዲ "ሽውሻራ ፖለቲካ'ዩ" ብዝብል ስሱዑ ዝተፈላለየ ኣስማት ዝተዋህቦ "ፖል-ቶክ፡ ቶክ-ሾው" ከፊቶም ኣፎም ክሳብ ዝዓፍር ክዋዕሩ ይውዕሉ። ከም መጋረጃ (ስክሪን ሰይቨር) ምሉእ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ካሜራ ተዓሒዶም፡ ባዶ ፍልጠት፡ ጣቋ ዘይብሉ ሃለውለው፡ ምሒር ዝደጋገም ርኹስ ዘረባ፡ ጸያፍን ነውራምን ቃላት 'ሼር በሉልና' እናበሉ ትኳብ ምምእራር ድማ ሞያ መንበሮ ገይሮሞ ኣለው።

ዝበዝሑ ካብዞም ለማኖ ሼር፡ ላይክ ሳብስክራይብ፡ ሞያውያን ሚድያ ኣይኮኑን። ብዛዕባ ክብሪ ሚድያን ሱ-

ኣብ ዘይዓውደዎም ብጥማዕ ፍልጠት ጨብረቕረቕ እናበሉ ንባዕሎም ሃውቲቶም ስራሕ ዝሰኣኑ ወሉፋት ማሕበራዊ ሚድያ ከህውትቱ ይውዕሉ። ዝበዝሑ ካብኦም "ጋሻና" እናበሉ መስመሚ ዝጥቀምሎም፡ ብፍልጠት ዘይበሰሉ ተልመዴን ተንተንቲ፡ ጥራዙ ነጠቕ ማእምራን ዘለፉን ዝንጠላን ፖለቲካ ዝመስሎም መሃይማን ዝደዩ ባእታታት እዮም። ብትሕተ-ሃገራውነትን ብቅልውላው መንነትን ተሳቒዮቲ፡ ብቕርሕንቲ ዝተሓመሱ ኣምረርቲ፡ ድማ፡ ግርም መተንፈሲ ጭንቀት ረኺቦም ኢሎም ባዶኖቶም እናቐልዑ ንኽብሪ ሚድያ ኣሕሲሮሞ ይርከቡ።

እቲ ጸቡቕ ነገር ግዱ ኑቶም ትምህርቲን ፍልጠትን ዘይንታዮም ክሾሑ ከለዉ፡ ገሊኦም ድማ እናፈለጡ ደይ መደይ ኢሎም ብኣእምሮ ሰብት ከላግጹ ዝህቅኑ እዮም። ዝንበዕ ኣቀራርባኦም የዋሃት ከዶጋኒ እምበኣር፡ እቲ ሓቂ ደገምካ ደጋገምካ ምንጻሩ ኣጉዳሲ እዩ።

ከምዝፍለጥ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ብዩን ክህብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዶብ ኣብ ባይታ ከመልክት ሓላፍነት ዝተሰከመ ኣካል'ዩ ነይሩ። ናይ መውዳእታን ቀያድን ብዩኑ ምስ ሃበ ድማ፡ ኑቲ ሕንጻጽ ተኸቲሉ ኣብ ባይታ ኣዕኑድ ክተክል ኣንቂዱ ነይሩ። ዮጉዳስ ብሰንኪ ሕንጋደ ወያነ ተዓንቂፉ። ጃንዳ ወያነ ኣእምሮኣ እምብዛ ንእሹቶ እዩ። ሰላምን ድሕነትን ህዝቢ ከየሰከፋ፡ ጎይቶታ ብዩን ናይ ምቕያር ዓቕሚ




ምግባሩን እንዶ የብሉምን። ብሰለትን ሓላፍነትን ዝሓጥት ሞያ ምኻኑ ዘይሰቆሮም 'ክኢልናዮ' በሃልቲ'ዮም። ሞያዊ ክእለት ዘይሓለፎ ኣቀራርባኦም፡ መእሰሪ ማእዶ ዝይብሉ ሕኪያን ክትዕን ዲዞታት እንዳ ማስተ የዘኻኽር። ብዕምቈት ዘይርድእዎ፡ ብዘቐዋትን ሞያን ፍጹም ዘይምጥናም፡ ዓቢ ኣርእስቲ ድማ እዮም ዘልዕሉ። ሞያና ኣይኮነን ኢሎም ከይተሸቐረሩ ከኣ፡

ሃለውሳ ዝምገቡ መሳኪን፣ ዘይሰምር ሕልሚ ፍጭም ዝብሉ የዋሃት ወዘተ. ጸቡቕ መሕለፍ ግዜ ኮይናሞም ኣለው። ግዜኡ ዝሓልየሉ ሰባም ግዳ ነዞም ዘመናውያን ለማኖ ሼር፡ ላይክ፡ ሳብስክራይብ፡ "ይርዳእኩም!" ኢሉዎም'ዩ ዝሓልፍ።

ናብ ጉዳይና ክንኣቱ. . .

"ኣረስቶትል፡ 'ደቀንስትዮ ካብ ደቂተባዕትዮ ዝውሕድ ኣስናን ኣለወን' ኢሉ ይኣምን ነይሩ። ክልተ ግዜ ተመርዕዩ ግና ኣስናነን ፈቒዱ ሓቅነቱ ከረጋግጽ ኣይተገደሰን።". . . ይብል በርትራንድ ሩሰል። ሰብ ልክዕነት ንምርግጋጽ ክሰብ ክንዲ'ቲ ግዱሳት ኣይኮኑን ንምባል እዩ።

እዚ ባህርይ ደቂ-ሰብ'ዚ ዝምዝምዙ መሲኦም እዮም። ገሊኦም ህዝቢ ደንቆሮ'ዩ፡ ብዛዕባ ቅነዕነት ሓደ ብሀሎ ዝርዝራት ሓደ ጉዳይ ብዙሕ ኣይግደሰን'ዩ፡ ናይ ትማሊ ኣይዝክርን'ዩ። ኣብዚ ዘመን'ዚ ብዛዕባ ዝተበጽሐ ፍልጠት እንዶ የብሉን ብዝብል ቅማረ ታሪኽ ዘቐንኑ፡ ሓቅታት ኣዘንቢዖም ዘቕርቡ'ዮም። ገለ ድማ ዝኸቅሑ እናመሰሎም ቀንጣሮ ፍልጠት ሒዞም ንሱብ ሞያ ብምትካእ ተንታኖ ኮይኖም ክልፍልፉ ዘይሓንኹ እዮም።

ኣብ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንኣብነት፡ ገለ ክዕመም ዝዮኑባአ ግና ዘይተወደአ ነገር ከምዘሎ ኣምሲሎም ሌፍ ዝብሉ ንዕዙብ ኢና። ሕሉፍ ሓሊፎም 'ዶብ ክሕንጸጽን ክምልከትን ኣለዎ' ዝብሉ፡ 'ዓሚ ዝሞተ ምራኽ ፊኑ' ዝዓይነቱ ህውተታ ዘጋውሑ ኣይተሳእኑን። ገሊኦም ፍልጠት ሕርሞም ተልመዴን ተንታኖ

ዘለዎም መሰሉዋ ዕጮ ሓንፈፍኩ ኢሎ። እቶም 'ኣውሓሲቲ ስምምዕ' ተባሂሎም ክታሞም ዘንበሩ ኣመሪካን ሕብረት ኤውሮጳን ከኣ፡ ንሕብረቶም ብዘይምጥን ሕስረት ሓላፍነቶም ደርቢዮም ሕንጋደ ኣብ ምስሳይ ተጸሚዶም። ንባዕሎም ካብ ሓላፍነቶም በኹሮም ከይኣክል እውን ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ሓላፍነቱ ከየልዕል ሓጊቖም ሒዞሞ። ፍሉያት ልኡኻት እናመዘዙ፡ ነገር ንድሕሪት መሊሶም ናብ ዝቐጥል ዲያሎግ ንምሽማም ዘዕለበጥዎ ዝበዝሑ ዝርሳዕ ኣይኮነን።

እቶም ዲያኑ ግና ቀለልቲ ሰባት ኣይነበሩን። ብሕንጋደ ጃንዳ ወያነን በዚ ዘይሕጋዊ ምትእትታው ዓበይቲ ሓይልታትን ኣይተዓንቀፉን። ካብ ኣካላዊ ምምልካት (physical demarcation) ዝበልጽ ማንዛዊ ምምልካት (virtual demarcation) መሪጾም። ሓደሽ ምህዞ ኣይኮነን። ቅድሚኡ ኣብ ገለ-ገለ ሃገራት ዝተተግበረ እዩ። በዚ ጥበብ'ዚ፡ ምልክታት ዶብ ብጆኦግራፊያዊ መራኸቢ ነጥበታት ኣሰፊሮም፣ ጉሒላ ዘይፍንቅሎ፡ ፈንጂ ዘየፅንኖ፡ ዝኾነ ዓይነት ባህርያዊ ሓደጋ እንተላይ እሳተ-ጎመራ ዘይልውጦ፡ ኣብ ሰማይ እናበረርካ ይኹን ኣብ መሬት ዞይጋገ፡ ሞባይል ዝሓዘ ጓሳ እውን ብቐሊሉ ክፈልጦ ዝኽእል ገይሮም ኣብ ካርታ ብምስፋር፡ ዘርብ ዘይብሉ ውዱእ ስራሕ ንክልቲኦም ወገናትን ንቤት ጽሕፈት ካርታግራፊ ሕቡራት ሃገራትን ብወግዒ ኣረኪቦም።

"ክቕትሉኻ ክብሉስ ይቐልቱኻ" ዝብልዎ ከም'ዚ እዩ። ሎሚ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብምዕቡል

ቴክኖሎጂ፡ ብደቂቕ ጆኦግራፊያዊ ቅማረ ዝተሓንጸጸን ዝተመልከተን፡ ካብ ዝኾነ ዶብ ናይ ሃገራት ዓለምና እቲ ኣገዳሲ ዝጸረ ዶብ ኮይኑ ኣሎ።

ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ቤት ጽሕፈቱ ክዐጹ እንከሎ ናብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዘቕረቦ ደምዳሚ ጸብጻብ ከምዚ ይብል፦

"ኢትዮጵያ እቲ ቀያዲን ናይ መውዳእታን ክኸውን ዝተሰማምዓትሉ ብዩን፡ ኣብ ባይታ ክትግበር ድልየትን ቅሩብነትን ኣየርኣየትን። እቲ መስርሕ ክቕጽል ተሰፋ ስለዘይተሳእና ከኣ፡ ኮምሽን፡ ብማንዛ (Virtually) ኑቲ ዶብ ኣብ ካርታ ኣመልኪቱ ስርሑ ክዛዝም ወሲኑ። በዚ መሰረት፡ እቲ ብውሳኔ 13 ሚያዝያ 2002 ዝተሓንጸጸ፡ ኣብ ሕዳር 2007 ድማ ብማንዛ ምምልካት ተጻፊሩ ዘሎ ዶብ ክልቲኣን ሃገራት፡ ናይ መውዳእታን ቀያድን ምኻኑ ብወግዒ የፍልጥ። እዚ ዶብ'ዚ ዝጸረር ወይ ዝጥሕስ ዝኾነ ተግባር ዘይሕጋዊ እዩ።. . . ኮምሽን ዶብ፡ በዚ ናይ መውዳእታ ስጉምቲ፡ ስምምዕ ኣልጀርስ ዘሰከሞ ሓላፍነት ብምልኣት ፈጺሙ ኣሎ።"

ከምቲ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ደምዳሚ ጸብጻቡ ኣሕፂሩ ገሊጽዎ ዘሎ፡ ድሕሪ'ዚ ዘይሻሙ ውሳነን ፈጻሚን'ዚ፡ ኣብ ዘይ ርስትኻ ምኹያጥ ኣእምሮ ዘለዎ ክውዕሎ ዘይክእል ዘይሕጋዊ ተግባር እዩ። ድሕሪ ፈጻሚ ብዩን ኣብ ዘይቦታኻ ምርካብ ቅሉዕ ጎበጣ እምበር ካልእ ምኽንያት ክወሃቦ ኣይክእልን። ዘየተሓድር ጎይታ ዝኣመነ ዓሻ ድፍረት ኣብ ልዕሊ ልኡላውነት ህዝቢን ሃገርን። ስለዝኾነ ድማ፡ ብዓለምለኽ ሕጊ መሰረት ናይዚ ኩሉ ዓመታት ካሕሳ ክሕተተሉ ግቡእ እዩ።

ኩሉ ሰብ ከምዝፈልጦ፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ናይ ዓለምና ኣብ መንጎ ዓድታት ዘሎ ዶብ፡ ኣዕኑድ የብሉን። ሰድሪ ግን ዘጋጊ ኣይኮነን። እዚ ልሙድ ኣሰራርሓ ሕብረተሰባት ዓለምና እዩ። ኣይኮነን'ዶ ወዲ-ሰብ ምስ ኣእምሮኡ፡ ከብቲ እውን ዶብን ይፈልጣ እዮን። ብተመሳሳሊ፡ ዶባት ዝበዝሓ ሃገራት ዓለምና ኣብ ኤውሮጳ ይኹን ኣፍሪቃ ኣዕኑድ የብሉን፣ ግን ዘሰሓሕብ ኣይኮነን። ዶባዊ ምስሕሓብ ዝፍጠር፡ ኣዕኑድ ስለዘለዉን ስለዘየለዉን ኣይኮነን። ኣብ ጉዳይ ዋንነት ዘይምስምማዕ ምስ ዝፍጠር ጥራይ እዩ። ብፍርዲ ድማ መዓልቦ ይግበረሉ። ድሕሪኡ ውሳኔ ቤት ፍርዲ ኣኽቢርካ ቦታኻ ምሓዝ እዩ።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ሽርችዋል ምምልካት ካብ ኣካላዊ ምምልካት ዝያዳ ተመራጺን ዝበለጸን እዩ። ኣብ ዝኾነ ነጥቢ ናይቲ ሕንጻጽ ሓንቲ ስጉሚ እውን ሰተት ዝበል ኣይኮነን። ደይ መደይ ኢልካ ክትዕምጽ፡ ከተመሳምስ፡ ከተደናግር ወይ ድማ እናፈለጥካ ብኣእምሮ ሰባት ከተላግጽ እንተ ዘይደሊኻ፡ ኣብዚ ዘመን ቴክኖሎጂ፡ ኣዕኑድ ምህላውን ዘይምህላውን ትርጉም ዘለዎ ነገር ኣይኮነን። ምትካል ኣዕኑድ ከም ተመኩሮ ሓሓሊፉ ኣብ ውሑድ ከባቢታት ናይ ዓለምና ይግበር እኳ እንተኾነ፡ ብዙሕ ግን ልሙድ ኣይጸንሐን። ኣብዚ ዘመን'ዚ እሞ ኹኣ ኣድላይነቱ ኣብቂዑ እዩ። በዚ ዘሎ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ቦታኻ ንምፍላጥ መሃንዲስ እውን ዘድልዮ ኣይኮነን። እቲ ዘድሊ ሕጊ ዝኽበር ምቕባል ጥራይ እዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ‘ቲክ ቶክ’ - ውሳኔ ላዕለዋይ ባይቶ ኣመሪካ ይጽበ

ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ ታሕተዋይ ባይቶ ኣመሪካ ብዘይ ብዙሕ ክትዕ - ብዓብላሊ ድምጺ ንማሕበራዊ መራኸቢ ‘ቲክ ቶክ’ ዝምልከት ሓደ እማመ ኣሕሊፉ። ኣብ ኣመሪካ ማእከል ብዝገበረ ‘ባይት ዳንስ’ ብዝበሃል ቻይናዊ ኩባንያ ዝውሃን ‘ቲክ ቶክ’፡ ኣብ ዝቐጽል ሽዱሽተ ኣዋርሕ ንኻልእ ዘይቻይናዊ ትካል እንተደኣ ዘይተሸይጢ፡ ኣብ ኣመሪካ ክእገድ ዝኽእል መጠንቀቕታ ተዋሂብዎ ኣሎ።

መብዛሕትኦም መተሓባበርቲ ኣባላት ክልቲኡ ሰልፍታት ኣመሪካ፡ ብዓብላሊ ድምጺ ዝተሰማምዑሉ - ማለት 365 ብ65 ድምጺ፡ ‘ቲክ ቶክ’ ኣብ ኣመሪካ ንክይሰርሕ ዝኽልክል እማመ እዩም ኣሕሊፎም። እዚ እማመ እዚ ብላዕለዋይ ባይቶ (ሴኔት) እንተደኣ ጸዲቑ ፕረዚደንት ሃገር ይፍርመሉ እሞ - ከም ሕጊ ይሰፍር።

ኣመሪካ፡ እቲ ኣፕሊኬሽን ቻይና ንስለያ ከምእትጥቀመሉ ንእተቐርቦ ክሲ፡ ቻይና ንሓያሎ ዓመታት ኣሉታ ክትህበሉ ጸኒሓ እያ። ቲክ ቶክ ናይ ቪድዮ መራኸቢ ኣብ ኣመሪካ ጥራይ 170 ሚልዮን ዓማዊል ከም ዘለዎ ዝፍለጥ ኩይኑ፡ እቲ እገዳ ብላዕለዋይ ባይቶ ክይጸድቕ ዝዕበል ስክፍታ ኣብ ብዙሓት ኣሕዲሩ ኣሎ። ናይ ኣመሪካ ሻቕሎት ናይ 170 ሚልዮን ኣመሪካውያን ብሕታዊ ሓበሬታ፡ ኣብ ማዕከናት ስለያ ቻይና እንድሕር ይዕቈር ኣሎ ኩይኑ፡ ንድሕነት ሃገር ስግኣት ዝኾነ ተኣፋፊ ሓበሬታ እውን ክሰልኽ ይኽእል እዩ ዝብል እዩ።

ትካል ባይት ዳንስ፡ ኑቲ ኣፕሊኬሽን ንኻልእ ኩባንያ እንድሕር ዘይሸይጥዎ፡ ኣመሪካ ኣብ ሃገር ካብ ዝርከቡ ዕዳጋታት ኣፕሊኬሽን ክተልግሶ እያ ማለት እዩ። ሓደስቲ ዓማዊል ቲክ ቶክ ክጽዕኑ ኣይክእሉን፡ ሐዚ'ም ዝጸንሑ እውን ክሐድሱ ስለዘይክእሉ፡ እቲ ኣፕሊኬሽን ደብሊን ምስ ግዜ ዘይክይድ ይኾውንን ማለት እዩ።

እቶም 170 ሚልዮን ተገልገልቲ ኣመሪካውያን፡ ኣብ ባይቶ ንዝርከቡ ወከልቶም - እቲ እማመ ከይሓልፍ ጸቕጢ ክገብሩ፡ እቲ ኩባንያ ተላብዩ ነይሩ። ብሚልዮናት ዝቖጸር ካብ ተገልገልቲ ዝተፈነወ መልእኽቲ ግና፡ ብኻልእ ደፋኢ ሓይሊ ዝተደረኸ ስለዝመሰሉ፡ እቲ ዝተሓሰበ ወጽኢት ዘይኮነስ ኣባላት ባይቶ ጥንቃቐ ክገብሩ ከም ዝገደዶም ጸብጻባት የረድኡ። ናይ ካልእ ሃገር ረብሓ ዘገልግሉ ዝመስሉም ኣባላት ባይቶ፡ ብኣንጻሩ እቲ ኣፕሊኬሽን ክእገድ ዝብል እማመ ኾኣ ዓብላሊ ደገፍ ረኺቡ።

ኣመሪካ ኑቲ እማመ እንድሕር ኣጽዲቓቶ - ክእገድ ዝኽእሉት ንሳ ጥራይ ኣይክትከውንን እያ። ምስ ኣመሪካ ጥቡቕ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ዘለወን ሃገራት እውን ክስዕባ ከምዝኽእላ ይግመት።

ህንዲ፡ ኣብ 2020 ተጠቃምነት ቲክ ቶክ ካብ ዝሰረዛ ሃገራት እያ። ቲክ ቶክ ኣብ ኣራን እውን ክልኩል እዩ። መንግስቲ ብሪጣንያን ኤውሮጳዊ ኮምሽንን፡ ኣባላት ባይቶ ቲክ ቶክ ክይጥቀሙ ከልኪሎም ዝጸንሑ እዮም።

ተጠቀምቲ ቲክ ቶክ ካብ ዘውርዱሉ ዕዳጋታት ኣፕልን ጉግልን እንተ ተኣልዩ እውን፡ ሰባት ካብ ካልእ ቦታ ተኻሊሎም ብኢንተርነት ከውርድዎ ይኽእሉ እዮም። ጉግልን ኣፕልን ኑቲ ካብ ካልእ ቦታ ዝጸዓን ኣፕሊኬሽን ቲክ ቶክ ክሳብ ዝዮግትዎ ድማ፡ ዓማዊል ብዲጂታላዊ ሸጣራታት ኣይሰኣንዎን። ግና ኣብ ሓደ ሃገር “ዘይሕጋዊ” እንድሕር ተባሂሉ፡ ምስ ሕጊ ክራጸም ዝደሊ ሰብ ስለዘየለ፡ ተጠቃምነቱ እናጉደለን እናጠፍኣን ክኸይድ ግድን እዩ። ቲክ ቶክ፡ ስም ቀይሩ ተመሳሲሉ ዕማም ዘሰልጥ ካልእ ኣፕሊኬሽን ኩይኑ ኣብ ዕዳጋ ክተኣታቶ ከም ዝኽእል እውን ክኢላታት ይግምቱ።

ህንዲ ንቲክ ቶክ ክትእግድ እንከላ፡ ኣብታ ሃገር ብዝርከብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ኢንተርነት ዝኾና ትካላት ገይራ እያ ዓጽያቶ። ዝተጠቐመትሉ ሜላ ኣብ ካልኦት ሃገራት ፈጺሙ ከምዘይሰርሕ ዝገብሮ ኩነታት ሕግታት ይህሉ ይኾውን።

ቲክ ቶክ፡ ናይ ኣመሪካውያን ዓማዊሉ ኣድራሻ (ሕሳብ) ክዕጹ እንተደኣ ተገዲዱ፡ ኣብ'ቲ ትካል ዝተመርከሰ ንግድን ካልእ ናይ እቶት ምንጪ ዘለዎም ሰባትን ኣብ ክሳራ ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም።

ካብ'ቶም ኣብ ኣመሪካ ዘለዉ ተገልገልቲ ኣስታት 5 ሚልዮን ዝኣኽሉ ዋኒናት፡ ቲክ ቶክ ንግዲ ዘካይዱሉ ኣፕሊኬሽን ከም ዝኾነ ይፍለጥ። ናይ ስራሕን ፋይናንሳዊ ምንጪታትን ስለ ዝኾነ ድማ፡ ግዝያዊ ኢሉ ክዕጹ ብሸቕታ ከም ዘይረኹ ምምጉት ይከኣል። ኣብ'ዚ ዘለናዮ ምዕባለ ዲጂታላዊ መራኸቢታት ብናህሪ ሓደስቲ ምህዞታት ይዝርግሑ ስለዘለዉ፡ ተጠቀምቲ ቲክ ቶክ ክህጉ ይኽእሉ እዮም ኢልካ ምምጓት የጸግም።

እቲ ንቲክ ቶክ ዘካይድ ኩባንያ - ኣመሪካ ግጉይ ሓበሬታ ትዝርግሕ ከምዘላ ብዘዘውትሮ ክሲ ንቲክ ቶክ ተቓውሞ ምህላውን እዩ ዝሕብር። ኣመሪካ ትኣክል ሃገር - እዚ ናይ መእሰያት መላለዪ መድረኽ ንምንታይ እዩ ኣፍሪሕዋ? ብምባል እውን ኣቐድቲ እቲ ትካል ከዮጵያዊ ይሰምዑ።

እንተኾነ፡ ማዕረ'ቲ ንኣመሪካ ዘሰክፉ ናይ ጸጥታ ምኽንያት፡ ኣብ ካልኦት ከም በልጅዩም፡ ኒውዚላንድ፡ ዴንማርክን ካናዳን ዝኣመሰላ ሃገራት እውን ቲክ ቶክ ተኣጊዱ እዩ። እቲ ኣብ 2016 ዝጀመረ ቲክ ቶክ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ ብደረጃ ዓለም ብኣማኢት ሚልዮናት ዝቑጸሩ ንጡፋት ተገልገልቲ እዮም ዘለውዎ።




## እገዳ ‘ቲክ ቶክ’ - መነባብሮ ምዕራባውያን ነጋዶ የሻቕል

ኣቐድም ኣቢሉ እውን - ምስ መርበብ ሓሙሻይ ወለዶ ብዝተሓሓዙ፡ ፍርያት ቻይና ዝኾኑ ከም ‘ህዋወይ’ ዝኣመሰሉ ናይ ቴሌፎናት መራኸቢ ትካላት፡ ብዓይኒ ጥርጣረ እናተራእዩ ክልከላታት ክግበረሎም ከምዝጸንሐ ይፍለጥ። ገለ ክኢላታት ዲጂታላዊ መራኸቢታት፡ እቲ ስግኣት - ጥርጣረ እምበር ጫብጥ ዝኾነ ዝተረኽበ ክሲ ከም ዘየለ ይሕብሩ።

መብዛሕትኦ ስግኣታት፡ ንመጻኢ ዝበጽሕ ምዕባለ ስለዘይፍለጥ፡ ጉዳይ ጸጥታ ብኢጋኡን ብጥንቃቐን ሒዝካዮ ምጽናሕ ይሓይሽ - ካብ ዝብል ዝቕል ተበግሶ ከም ዝኾነ ድማ ይገልጹ።

ጸጥታዊ ስግኣት ከም ምኽንያት ይቕረብ እምበር፡ እቲ ቀንዲ ደራኺ - ምትህልላኽ ቁጠባን ዕብለላ ዕዳጋን ክኸውን ከም ዝኽእል ዝገልጹ ወገናት እውን ኣለዉ። ምዕራባውያን፡ ኣብ ሓያሎ ፍርያት ቻይና ኣብ ዝኾኑ ዲጂታላዊ ንብረት፡ እገዳ ከንብሩ ጸኒሖም እዮም።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ቲክ ቶክ ክኽልከል ጻውዒት የቕርብ እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ፍጻመ ክበጽሕ ነዊሕ ሕጋዊ መስርሕ ክሓልፍ ስለዝነበሮ፡ ብዙሕ ከይሰገመ - እቲ ፕረዚደንት ንባዕሉ ኣብ ውድድር ተሳዒሩ ከምእተኣልየ ይዝከር። ድሕሪኡ ዝመጽአ ፕረዚደንት ጆ ባይደን ከኣ፡ ኣንጻር እቲ ብትራምፕ ዝቐደድ ዝነበረ ፖሊሲታት ብምጉዓዙ - ቲክ ቶክ ብፍኑው ክሰርሕ ጸኒሑ።

ኣብ'ዚ እዋን እዚ ድማ፡ ክልቲኦም መተሓባበርቲ ንምርጫ ኣብ ዝዳለዉሉ ዘለዉ ግዜ፡ ዶናልድ ትራምፕ - “ንቲክ ቶክ ምእጋድ፡ ንኻልኦት ከም ፈስቡክን ዩትዩብን ዝኣመሰሉ መርበባት ብዘይ ተወዳዳሪ ከምዝሕይሉ ዝገብር እዩ” ብምባል፡ ምእጋዱ ከምዘይድግፍ ኣሚቱ ኣሎ። ፕረዚደንት ጆ ባይደን ብወገኑ፡ እቲ ናብ ላዕለዋይ ሴኔት ሓሊፉ ዘሎ እማመ እንድሕር ጸዲቑ ክፍርመሉ ተዳልዩ ከምዘሎ ሓቢሩ ኣሎ።

ኣብ'ዚ እምበኣር፡ ቲክ ቶክ ኣብ ሃገራዊ ጸጥታ ስግኣት እንተዘኾውን ነይሩ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ሓደ ዓይነት መርገጺ ክሕዙ ምኸኣሉ ነይሮም ኢልካ ኣፍካ መሊእካ ክትዛረብ ዘይክኣል ኣይኮነን።

ኣቐድቲ ናይ'ቲ ኣፕሊኬሽን፡ ካብ ቻይና ወጻኢ ናይ ዘለዉ ዓማዊል ውልቃዊ ሓበሬታ - ናብ መንግስቲ ቻይና ኣሕሊፎም ከም ዘይሀቡ እዮም ዝገልጹ። ወናኒ እቲ ኩባንያ እውን፡ ንቲክ ቶክ ምእጋድ ንኻልኦት ኩባንያታት ማሕበራዊ መራኸቢታት ሓይሊ ምውሳኽ ማለት ከም ዝኾነ ብምግላጽ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸር ናይ ስራሕ ዕድላት እውን ከምዝዕጾ ኣዘኻኺሩ ኣሎ። ኩባንያ ‘ባይት ዳንስ’ ኑቲ ኣፕሊኬሽን ክሸጦ እንተደለየ እውን፡ ቻይና ኣይክተፍቅደን እያ።


እቲ ንቲክቶክ ዘዋፍር ትካል፡ ልክዕ ካብ'ቶም ካልኦት ናይ መራኸቢ መድረኻት ዝፈልዮ ከም ዘየለን፡ ናይ ተገልገልቲ ሓበሬታ ንስልጣን ቻይና ኣሕሊፉ ከምዘይህብን እዩ ክረድእ ዝፍትን።

ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ፕረዚደንት ትራምፕ ቲክ ቶክ ክእገድ ጻውዒት ኣብ ዘቕረበሉ ግዜ፡ 800 ሚልዮን ጥራይ ተገልገልቲ ነይሮምዎ። ኣብ'ዚ እዋን እዚ ግና - ብደረጃ ዓለም ኣስታት 3.5 ቢልዮን ግዜ ካብ ኢንተርነት ተጻዒኑ ከምዝሎ ጸብጻባት የረድኡ።

ከም ፈስቡክን ኢንስታግራምን ዝኣመሰሉ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ሓበሬታ ናይ ተገልጋሊ ኣኪቦም ዝዋቐሩ እኳ እንተኾኑ፡ ቲክ ቶክ ግና ካብ ዓቐን ንላዕሊ ሓበሬታ ከም ዝቐድሕ ገለ ጸብጻባት የረድኡ። ተጠቃሚ - ዘለዎ ቦታ፡ ዝጥቀመሉ ዓይነት ተሌፎን፡ ኣብ'ታ ሞባይል ዝተጻዕኑ ኣፕሊኬሽናት ከም ሓበሬታ ይሕዝ፡ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ካልኦት ማሕበራዊ መራኸቢታት እውን ንምልክታን ንጉዳዊ መወዓውዒን ዝኸውን ናይ ዓሚል ድልየት ንምፍላጥ፡ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ከም ዝወስዱ ይፍለጥ።

እዚ ልምዲ እዚ ኸኣ፡ ኢንተርኔት ዝጥቀም ሰብ - ቡዙን መርበባት ምስ ተሓተተ ብፍታው ዝፈቅዶ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ቲክ ቶክ በጺሑ ከገርም የብሉን ዝብሉ ወገናት ኣለዉ።

ብሃገራት ምዕራብ ዝዋፈራ - ከም ጉግል፡ ዩትዩብ፡ ኤክስ፡ ኢንስታግራም፡ ዋትስኣፕ፡ ፈስቡክ ዝኣመሰላ መድረኻት ማሕበራዊ ርክባት፡ ኣብ ቻይና ከይሰርሓ ክልኩላት እየን። ኣብ ቻይና፡ ኣብ ክንዲ እዘን ኣብ ዓለም ዝተዘርግሓ መርበባት መራኸቢ - ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝማዕበላ ብኣማኢት ሚልዮናት ዝቑጸር ህዝቢ ቻይና ዝራኸበለን ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣለዋ። ናይ ሃገራት ምዕራብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝኣገደትሉ ምኽንያት፡ ናይ ባዕላ ጸጥታዊ ምኽንያታት ኣለዋ - ቻይና።




### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ፍኖተ-ሂወት |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ቴክኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሪር |
| 14:20 | ደኩመንታሪ |
| 14:50 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 15:20 | ህርመት |
| 16:45 | ማእገር 1ይ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ማእገር 2ይ |
| 19:40 | ቀስተ-ድሕነት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | መደብ ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም-መስተማክር |

# ኣንክሮ

ማርታ ክብሮም

## ምስዋር መርከብ ሳይክሎፕስ


እታ ዝዓበየት ኣመሪካዊት መርከብ ሓይሊ ባሕሪ ከመይ ኢላ ብዘይ ምልክት ክትጠፍእ ትኽእል? እዚ ኣብ መጋቢት 1918፡ ዓባይ መርከብ ሳይክሎፕስ ካብ ምዕራብ ህንዲ ናብ ባልቲሞር እናተጓዓዘት ከላ ብምስዋራ ኣብ ኣእምሮ ብዙሓት ሰባት ዝመጸ ሕቶ እዩ። ንልዕሊ ሓደ ዘመን ድማ ዘይተመለሰ ሕቶ እዩ።

መርከብ ሳይክሎፕስ 550 ጫማ ቁመት ዝነበራ ኮይና፡ 306 ሰራሕተኛታት ኣባላትን 11 ሽሕ ቶን ዝኸብደቱ ማንጋኒዝን ሒዛ ንባሕርታት ካሪብያንን ባልቲክን ሰንጢቓ ኣብ መክሰኮ ብምብጻሕ፡ ኣብኡ ድማ ነዳዲ ዓዲላ ሰደተኛታት ሒዚካ ምምላስ ናይ ኩሉ ግዜ ስራሓ ነበረ።

ኣብ 1917፡ ኣመሪካ ኣብ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ክትሳተፍ ምስ ጀመረት ግና፡ ሳይክሎፕስ ኣገዳሲት ንብረት ኮነት። ናብ ብዙሓት መራኽብ ዓለም ዝርከበሉ ቦታ እናተንቀሳቐሰት፡ ነዳዲ ትህበን ወተሃደራት ተብጽሕን ነበረት።

ኣብ መጋቢት 1918፡ እታ መርከብ ንመስርሒ ኣቓሑ ዝኾውን ኣሽሓት ቶናት ማንጋኒዝ ጽዒና ካብ ብራዚል ተበገሰት። ኣብዚ ግዜ ካብታ መርከብ ናብኦም ኣብ ምድሪ ኮይኖም ዝቈጻጸሩ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ዝመጸ ናይ መወዳእታ መልእኽቲ፡ "ኩነታት ኣየር ጽቡቕ ኣሎ፡ ኩሉ ጽቡቕ እዩ ዘሎ" ዝብል እዩ ነይሩ። ኣብ መበል ታሸዓይ መዓልቲ ጉዕዞ ናይ'ዛ መርከብ ግና ሓደ ሓደሽ ነገር ተፈጥረ፡ ነታ መርከብ ይኹን ነቶም ኣብኣ ዝነበሩ ኣባላት ዝረኣየም ይኹን ድምጻም ዝሰምዖም ኣካል ኣይተረኸበን። እዛ መርከብ ብዘይዝኾነ ኣሰር ሃንደበት ተሰወረት።

ኣብቲ መጀመርታ፡ እታ መርከብ ምስ ኣባላታ ብናይ ጀርመን ሳብማሪን ተጨውያ ክትከውን ዝብል ግምት ነይሩ። እንተኾነ፡ ኣብቲ እዛ መርከብ ዝተጨወየትሉ ከባቢ፡ መራኽብ ጀርመን ከም ዘይንቀሳቐሳ ተፈሊጡ።



ድሕሪ ምስዋር መርከብ ሳይክሎፕስ ድሕሪ ክልተ ዓመት፡ መጽሄት ሳንታ ብዛዕባ እታ መርከብ ኣመልኪታ ከምዚ ኢላ ኣብ ሕታማ ኣውጺኣ ኣላ፡ "ኩሉ ግዜ ሓንቲ መርከብ ክትጠፍእ ከላ ዝኾነ ኣሰር ክትረክብ ንቡር እዩ። ኣብ መርከብ ሳይክሎፕስ ግና እዚ ተርእዮ ኣየጋጠመን" ቀጺላ እታ መጽሄት፡ "ልክዕ ከም ሓደ ነገር ካብ ውሽጢ ባሕሪ ወጺኡ ዝሰወራ ከም ቅጽበት ዓይኒ እያ ተሰዊራ። ምስኣ ድማ ኑቶም ኣብ ውሽጣ ዝነበሩ ሰባት ስኢ.ማንቶም" ትብል።

ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት፡ ብዛዕባ ሃንደበታዊ ምስዋር እዛ መርከብ ብዙሕ ተዛሪቡ እዩ። ምስ ግዜ ድማ፡ መርከብ ሳይክሎፕስ ምስተን ኣሰርን ከይተፈልጣ ኣብ በርሙዳ ትሪያንግል ምስ በጽሓ ብሃንደበት ዝተሰወራ ቀዳሞት 100 መራኽብን ነፈርቲን ክትኣቱ ክኢላ እያ።

## ጽምብል ሞዉታት

ብዙሓት ሕብረተሰባት ኣፍሪቃ ፍሉይ ዝኾነ ልምድታትን ወግዕታትን ኣለዎም። ከሳብ ሕጂ ድማ ኣብ ብዙሓት ሃገራት እዚ ልምድታትን ወግዕታትን ከም ዘለዎ ዓዲ ክሳተፍ ይግደድ እዩ።

ኣብዚ ቀቢላ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ ሞት ምስ ተፈጥሮኣዊ መስርሕ ደቂ ሰብ



ይቕጽል ኣሎ። ዝተፈላለዩ ቀቢላታት፡ ኣብ ግዜ ሞት ዝተፈላለዩ ልምድታት ኣለዎም። ሎሚ ቀቢላ ችዋ ሓደ ካብ ኣባሎም ምስ ዝመውት ዝዝብርዎ ስርዓታት ክንርኢ ኢና፦

ቀቢላ ችዋ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ኣፍሪቃ ሞዛምቢክ፡ ዚምባብዌን ዘምባብወን ዝነብሩ ኮይኖም ሓደ ካብ ቋንቋታት ባንቱ ዝኾነ ቋንቋ ቺቸዋ ድማ ይዛረቡ። እዚ ቀቢላ ብኣደ ዝመሓደር ስርዓት እዩ። ህዝቢ ችዋ ንሞት ከመይ እዩም ዝርእይዎ?

ኣብ ቀቢላ ችዋ ሓደ ሰብ ቅድሚ 65 ዓመት ዕድሚኡ እንተ ሞይቱ ከም ሓደ ዘይልሙድ ተርእዮ እዩም ዝወስዱዎ። እዚ ጥራይ ኣይኮነን፡ ሓንቲ ኣደ ክትሓርስ ከላ ምስ እትመውት፡ ሰብኣያ ንሳ ነፍሰ ጾር ከላ ምስ ካልእ ሰበይቲ ይዝሙ ከም ዝነበረ እዩም ዝሓስቡ።

ኣብ ህዝቢ ችዋ፡ ሞት ከም ሓደ ንቡር ኣርእስቲን ባህርያዊ መስርሕ ህይወትን ኣይወሰድዎን እዩ። ሰባት ብዘይዝኾነ ምኽንያት ህይወቶም ከም ዘይትጠፍእ እዮም ዝሓስቡ። ቀቢላ ችዋ ኣብ ሞት ዘለዎም ርድኢት ከመይ ምዃኑ ርኢናዮ ኣለና። ሕጂ ናብቲ ሰብ ምስ ሞተ ዝገብርዎ 'ፌስቲቫል ምውታት' ኢሎም ዝጽውዕዎ ንርአዮ፦

ኣብ ችዋ፡ ሓደ ሰብ ምስ ዝመውት፡ ነቲ ሬሳ ተሰኪሞም ናብ ሓደ ቅዱስ ቦታ ይወስድዎ። ኣብኡ ድማ ንጉረርኡ ቀሪጾም፡ ማይ ይገብሩሉ፡ እቲ ማይ ክሳብ ብታሕቲ ዝወጽእ ይጸበዩዎ። እዚ መስርሕ'ዚ፡ ክሳብ እቲ ዝወጽእ ማይ ጽሩይ ዝኸውን ይደጋገም። ዕላማ ናይ'ዚ፡ እቲ ዝሞተ ሰብ ካብቲ ዝገብሮ ዝነበረ ሕማቕ ባህርያት ንምንጻህ እዩ። እቲ ናይ መወዳእታ ዝወጽአ ማይ ጽሩይ ምስ ኮነ ድማ፡ ኣብ ሓደ ሽሓኒ ይእከብዎ። ቀጺሎም፡ እቲ ማይ ንመላእ ነበርቲ እታ ዓዲ ክሰትይዎ ይወሃብ። ኣብዚ ጽምብል ኩሉ ነባሪ እታ ዓዲ ክሳተፍ ይግደድ እዩ ዘይኮነ ምስ ጥንቆላ ወይ ሰይጣናዊ ስራሕ እዩም ዝተሓሓዝዎ። ሓደ ሰብ ኣብ ቀብሪ ከይሳተፍ ዕጥይጥይ እንተ ኢሉ ከም ዝቐተሎ እዩም ዝኣምኑ። ስለዚ ኩሉ ኣባል እቲ ቀቢላ ኣብዚ ስ ስርዓት ቀብሪ ክሳተፍ ኣለዎ።

ማሕበራዊ ወህደት ህዝቢ ችዋ ቀንዲ ዝርኣየሉ ኣብ ግዜ ቀብሪ እዩ። ምኽንያቱ ብሓንሳብ ኮይኖም ስለ ዝምክሩን ዝሰትዩን። ድሕሪዚ ድማ ሓብርም ይሰሰዑ።

እዚም ኣብ ችዋ ድሕሪ ሞት ሓደ ሰብ ዝርኣዩ ጽምብላት፡ ሞት ሓደ ተራ ነገር ከም ዘይኮነ ዘርእዩ እዮም። ከላ እታ ዓዲ ንቐብሪ ምስ ተኣከበት፡ እቲ መደብ ንቐብሪ ጥራይ ዘንጸብርቕ ኣይኮነን፡ ኣንጻር ሓደ ሓይሊ ይቃለሱ ከም ዘለዉ ዘምስል እዩ።

## ህዝቢ ባካ

ህዝቢ ባካ ኣብ ሃገረ ኮንጎ፡ ደቡባዊ ምብራቕ ካሜሩን፡ ሰሜናዊ ጋቦን ከምኡ'ውን ከባቢ ደቡባዊ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝነብሩ ህዝቢ እዮም።

ሓደ-ሓደ ግዜ ኣካል ቀቢላ ትዋ ምዃኖም ይዝረበሎም እዩ። እንተኾነ ምስኦም ኣህዛብ ዝኾነ ዝምድና የብሎምን። እቲ ጸጋም፡ ሰባት ንሶም ቀቢላ ባካ ብቢጋ ብካ ኢሎም የንብብዎ እሞ ምስ ትዋ ዝብል ስም የመሳስልዎ።

ህዝቢ ባካ ብሃደን ዝፍለጡ ኮይኖም፡ ሓወሲ ሰበኽ ሶግም ናብራ ዘለዎም እዮም። እዞም ቀቢላ ካብ ፒግሚስ ከም ዝተኣኻኸቡ እውን ይዝረበሎም እዩ። ንምንጋም ቁመቶም ካብ 1.52 ዝሓልፍ ኣይኮነን። ባካ ኣብ ኮንጎ ብዮካ ተባሂሎም እዮም ዝፍለጡ።

ዝበዝሑ ቀቢላ ባካ ኣብ ካሜሩን እዮም ዝነብሩ። ኣብዚ ቦታ ከባቢ 30,000 ህዝቢ ይነብሩ። ህዝቢ ባካ ክሳብ ሕጂ ወላ'ኳ ነቲ ካብ ኣቦታቶም ዝወረስዎ ባህላዊ ኣነባብራ ክቐጽልዎ እንተ ደለዩ፡ ብሰንኪ እቲ ካብኦም ብዘለውሉ ጉረባብቶም ህዝቢ ጥንቱ ዝወርደም ግፍዒ ዝመልኦ ዕብለላ ግና ከምቲ ዝደለ ባህላዊ ኣነባብራ ክነብሩ ኣይከኣሉን።

ነቲ ክሳብ ሕጂ ዝጥቀምሉ ዘለው ባካ ዝበሃል ቋንቋኦም ኣብ ምሕላዉ ግና ተዓዊቶም እዮም። እዚ ቋንቋ ሕውሳዋስ ናይ ኮዚሙ፡ ባሮምን ባንጋንዱን ዝበሃሉ ቋንቋታት እዩ። እንተኾነ እዞም ህዝቢ ' ዚ ቋንቋ ይዛረቡሉ እምበር፡ ንምጽሓፍ ኣይጥቀሙሉን እዮም።

መነባብሮ ባካ ኣብ ሃድንን መጓሰን ዝተመርኮሰ ብምዃኑ፡ ቀዋሚ መንበሪ የብሎምን። ከም ውጽኢቱ ብጨንፈርን ኣቑጽልትን ናይ ኣግራብ ገደርም መጽለሊኦም ይሰርሑ። ደቂ ተባዕትዮ ባካ ንሃደን ኣብ ዝወፍሩሉ ብዘይ ከልቢ ኣይወፍሩን እዮም።

ኣብ ባህሊ ባካ ምግፋፍ ዓሳ ኣዝዩ ኣገዳሲ ንጥፈት እዩ። ስለዚ ወሉዲ ንደቆም ግና ጽቡቕ ገደርም ከይኸበሑ ከለዉ እዮም ኣገባብ ምግፋፍ ዓሳ ዝምህርዎም። ኣብ ምግፋፍ ዓሳ ግና፡ እተን ኣዴታት'ውን ማዕረ እቶም ደቂ ተባዕትዮ እየን ዝሳተፋ። ንሳተን ክቡዳ ክሽዳ ከለዋ ኣቦታት ቆልዑ ሓዚም ኣብ ገዛ ደጸንሑ። ብዘይካ'ዚ፡ ደቂ ተባዕትዮ ባካ ኣብ ግዜ ሓጋይ ኣዝዮም እዮም ንጡፋት። ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት ኣብ ሃደን ይውዕሉ። እተን ደቂ ኣንስትዮ ድማ 'ማበ' ን 'ፐከ' ን ዝተባህላ ክልተ ዓይነት ፍሩታ ይምእርራ። እዚ ፍሩታ ድማ ብመልክዕ ጽማቕ የዳልውኦ።

ኣተዩዳ እዚ ቀቢላ ሕብረተሰባዊ ኮይኑ፡ ዝኾነ ዕብዩ ዝኾነ ውሳኔ ኣብ ዝወሰኑሉ ድማ ብደምጺ ምርጫ እዩ ዝቑጸር። ዝኾነ መራሒ ወይ ልዕል ዝበለ የብሎምን።

ጥ፡ ጀንገ (መንፈስ ጫካ) ዝተባህለ መንፈስ የምልኹ። እዚ መንፈስ ንህዝቢ ባካን ምስ ከምባ ዝተባህለ ኣምላኾም ከም መንጎኛ ኮይኑ ከምዝገልግሎም ይኣምኑ። ብዘይካ'ዚ ጀንገ ኣብ ኩሉ እቲ ቦታ ህላውነቱ ከም ዘሎን ንዝኾነ ኣብታ ቀቢላ ዘሎ ሰብ ከም ዝቆጻጸርን እምነት ኣለዎም። ኣብ ሃደን ምስ ዝወጹ ድማ ንኣምላኾም ምስጋና ንምሃብ ብስነስርዓትን ካልእ ንጥፈታትን ዘካይድዎ ሉ ማ ዝበሃል ጽምብል ኣለዎም።

ህዝቢ ባካ ካብ ኣቑጽልቲ ዝተሰርሐ ባህላዊ መደቀሲት የዳልዉ እዮም። ሓደ ካብ ኣባል ቀቢላኦም ምስ ዝሓምም ወይ ናይ ውላድ ጸገም ምስ ዝህልዎ ዝተፈላለዩ ኣቑጽልቲ ጀረፋም የሰትይዎ። ነዞም ንሕማማት ንምፍዋስ ዝጥቀሙሉም ኣቑጽልቲ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ህጻናት እዮም ዝጥቀሙሉም። ምኽንያቱ መብዝሕትኦም ትሕቲ ሓሙሽተ ዝዕድሚኦም ህጻናት ባካ ብጾሶ ዝተጠቕዑ እዮም። እንተኾነ ብቐዓት ናይዞም መድሃኒታት ወላ'ኳ ክሳብ ሕጂ ብሕክምናዊ መዳይ ኣይረጋገጸ፡ እዞም ባህላዊ መድሃኒታት ምስ ሰተየ መለሱ ዝሓምም ሰብ ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

ህዝቢ ባካ ዝበዝሐ መሳርሒኦም ባህላዊ እዩ። እዚ ድማ ነቲ ዝነብሩሉ መሬት ከይጎድእዎ ካብ ዝበለ ሓሳብ ዝበገሰ እዩ። እንተኾነ ንሃድንን ሃይማኖታዊ ጽምብላትን ኣብ መዓልቲ ክሳብ 100 ዝጽሕ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ይጥቀሙ። ዝበዝሑ እዞም መሳርሒታት ድማ ካብ ኣግራብ ዝተሰርሑ እዮም። ስለዚ ወላ'ኳ ንኣከባቢኦም ይሕግዝዎ ከም ዘለዉ እንተ ሓሰቡ፡ ኣብቲ ዝነብሩሉ ኣከባቢ እዞም መሳርሒታት ንምስራሕ ብዙሕ ኣግራብ እዮም ዘበርሱ።



## ፈስቲቫል ቦን

ፈስቲቫል ቦን ወይ ኦቦን ኣብ ጃፓን ዝጽምበል ኮይኑ፡ ጃፓናውያን ካብ ኣቦሓጎታቶም ዝወረስዎ እዩ። እዚ ፈስቲቫል መንፈስ ኣቦታቶም ንምዝካር ዝጽምበል እዩ። ኣብ ግዜ ፈስቲቫል መንፈስ ኣቦሓጎታቶም ክበጽሖም ናብ ገዛኦም ከም ዝመጽእ ስለ ዝኣምኑ ናብ መቓብርም ብምኻድ የጸራርይዎ።

እዚ ፈስቲቫል ኣብ ጃፓን ክጽምበል ካብ ዝጀመረ ልዕሊ 500 ዓመታት ኣቑጺሩ።



ኣብዚ ንሰለስተ መዓልታት ዝቕጽል ፈስቲቫል ተሳተፍቲ እዚ በዓል 'ቦብ ኦዶሪ' ዝበሃል ዓይነት ሳዕስዒት ይሰዕሱ። ፈስቲቫል ቦን ዝጅመረሉ ወርሒ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ እዩ። ኣብ ገለኡ ኣብ ወርሒ ሓምለ ክጅመር ከሎ፡ ኣብ ገለኡ ድማ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ይጅመር።

ንኣጀማምራ እዚ ዛንታ ብመሰረት ካብ ዛንታ ማሃ - መጽሓፍ ቡድሂስት፡ ማትሰሪ ሞኩረን ቦን ዝተባህለ ሰብኣይ ኣዲኡ ኣብ ኣድ ዝጠመዩ መናፍስቲ ብምውዳቓ ትሳቐ ነበረት። ስለዚ ወዳ ናብ ቡድሃ ብምኻድ ንኣዲኡ ብኸመይ ካብቲ ሐዘዋ ዘሎ መንፈስ ከላግሎ ከም ዝኽእል ሓተቶ። ቡድሃ ድማ ንቶም ኣብ ሓምለ ናይ ሓሙሽተ መዓልቲ ሰልጠናኦም ወዲኦም ናብ ቦታኦም ዝምለሱ ዝነበሩ ፈለስቲ ህያብ ክህቦም ነገሮ።

ሞኩረን ከምቲ ዝተባህሎ ምስ ገበረ ኣዲኡ ካብቲ ዝነበረቶ ተናገፈት። ብዘይካ'ዚ፡ ሓቀኛ ናይ ቀደም ባህርያት ኣዲኡን ንዕኡ ንምዕባይ ዝገበረቶ መስዋእትን ክርድኦ ጀመረ። እቲ ኣዲኡ ካብ ዝነበረቶ ሕማም ተገላጊላ ምርኣዩ ዝተሓጎሰ መንእሰይ ብሓጎስ ዝኣክል ክስዕስዕ ወዓለ። ካብዚ ሓጎስ ዝተላዕለ ንሞኩረን ምስዕሳዕ ጥራይ እዩ ዝረኣየ ነይሩ። ካብዚ ተበጊሶም ድማ እዮም፡ ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ኦቦን እዚ በዓል ኣብ ዝጽምበለሉ ግዜ ክስዕስዑ ዝውዕሉን ነቲ ኣቦሓጎታቶም ዝገበሩሎም ነገራት ንድሕሪት ተመሊሶም ብምዝካር ንመንፈሶም ንምሕጓስ ዝከኣሎም ዝገብሩን።

ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ኦቦን ካብ ጡጥ ዝተሰርሐ ዩኩታ ዝተባህለ ባህላዊ ክዳን ይኸድኑ። ብዘይካ'ዚ ድማ ስፖርታዊ ውድድራትን ቅድድም መግቢ ምብላዕን የካይዱ።

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

መበል 19 ክፋል

## ሕጊ ልቦና

***“እቲ ዝበለጸ ሓዳር፡ ኣብ’ቶም ውልቀ ሰባትን ኣብ’ቲ ንሳቶም ንፍቕሪ ዝገልጹሉ ኣገባብን ለውጥን ዕብየትን ዘፍቅድ እዩ።” ፐርል ባክ***

***“ንስኻ ብሓደ ሰብ ብዝምቀት ክትፍቀር እንተለኻ፡ ሓይሊ ይህበካ። ንስኻ ንሓደ ሰብ ብዝምቀት ክተፍቅር እንተለኻ ድማ፡ ትብዓት ይህበካ።” ላኦ ጹ***

ጥልቂ-ርክብ (intimacy) ሓያል ድርኺት እዩ። ካብ ጥልቂ-ርክብ ዝሕይል ድርኺት እንተደኣ ሃልዩ ባዕሉ ‘ምንባር’ ጥራይ እዩ። ዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰባት ንጥልቂ-ርክብ ኣብ መሸጣ ፈልምታት፡ ማሳይን፡ ክዳውንቲ፡ ኣብይቲ … ይጥቀምሉ ኣለው።

ጥልቂ-ርክብ ኣመና ሓያል ስለዝኾነ ክሳብ ዕብድብድ ክትወልና ይኽእል እዩ። ሓደኻንቲ ክሳብ ዕንወት ስድራ-ቤት ዝጽሕ እዩ። ብዀሎም እዩ እምበኣር - ንክንቈጻጸሮ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ።

ሰባት ሰባት፡ ነዚ ድርኺት ዘፈጥሩሉም ነገራት ብኸመይ ክቈጻጸርዎም ከም ዘለዎም ኣማዕዚኖም ይፈልጡ እዮም። እወ ነቲ ሓይሊ ድርኺት ብዝሓጸ መንገዲ ይገርሑዎ።

ሰለስተ ዓይነት ‘ጥልቂ-ርክብ’ ኣለው፦

1. እወታዊ፦ እወታዊ ጥልቂ-ርክብ ክህልወካ ኣገዳሲ እዩ። ኣካላት ደቂ-ሰብ ኣብ እዋን ስሕበት ቀመማዊ ጾዖት የፍርዩ እዮም።

2. ኣሉታዊ፦ እምበር መጠን ‘ጥልቂ-ርክብ’ የድርቓካ እዩ። ሆርሞናትና ንዕኡ ከኣንግዱ እንተ ተጸሚዶም፡ ንሕና ኩዮ ናጻ ኣይንኸውንን ኢና።

3. ሚዛናዊ፦ ኣእምሮኻ ንተግባራትካ ከም ዝመርሖ ወሲኑ፡ ንተርባጽካ ተቘጻጸር፡ ንጥልቂ-ርክብ ንቕኑዕ ምኽንያት ኣብ ቅኑዕ ግዜ ተጠቐመሉ።

ብዙሕ ግዜ ብርጌጋ እንርድኦ ጉዳይ ኣሎ። ንሱ ኸኣ፡ ንተርባጽካ ዝያዳ ብዝዀዙሮ መጠን፡ ዝያዳ ንስኻ ትዓግዞብ ዝበልል እዩ። እቲ ክውንነት ግና ንተርባጽካ ዝያዳ ብዝመዝበሮ መጠን ዝያዳ ከም ዝጠልብ እዩ።

ዋላ ኣብ ጭብጥ ኩነት ሓዳር፡ ሕልፈ (excess) ንመሰረት ዝምድና ርእሰ ምእኩል እዩ ዝኩብር። ክንዲ ዝኾኑ ሚዛን ምሕላው እምብዛ ኣገዳሲ እዩ።

ቅድሚ ሓዳር ምምባርካ፡ ሓዳር እንታይ ማለት ምዃኑ ኣዳቒቕካ ክትፈልጦ ይግባእ። ሓዳር ውዕል ኣብ መንጎ ክልተ ወገናት ድዩ? ሓዳር ናይ ነዊሕ ግዜ ሓይነይታ ፍቕሪ ድዩ? ሓዳር ኣብ ሓደ ገዛ ምቕማጥ ጥራይ ድዩ? ሓዳር ምሕዛዙት ጥራይ ድዩ? … ኣብ እዚ መዳይ ክትጥንቀቐሉ ዘለካ፡ ንሓዳር እትህቦ መግለጺ፡ እንታይ ዓይነት መጻምዲ ከም እትመርጽ ስለ ዝወስኖ እዩ።

ገለ ሰባት ንሓዳር ክትርጉምዎ እንከለው፡ “ነቲ ኻልኣይ ፍርቓኻ ምርካብ” ማለት እዩ ይብልዎ። ብመንገዲ ሓዳር ክልተ ሰባት ናብ ሓደ ኣካል ይሰምሩ። ንሓድሕዶም ከኣ ምልኣት ይፈጥሩ። ሃንቀውታ ጥልቂ-ርክብ እምበር፡ ሃንቀውታ ምስ እቲ ‘ካልእ ፍርቓኻ’ ንምጽንባር እዩ። ብመንገዲ እዚ ዝምድና፡ እዚ ‘ሓድነት’ (oneness) ንገልጾ ኣሎና ማለት እዩ።

ኣይሁዳውያን ከም ዝብልዎ፡ “ሰብኣይ ንሰበይቱ እምበር ንኻልእ ኣይጠሞቶን እዩ። ሰበይቲ ንሰብኣያ እምበር፡ ንኻልእ ኣይትጠሞቶን እያ። ብርግጽ ካልኦት ሰባት፡ በቲ ዘጋጠመ ናይ ሞት ክስተት ይቕዘዘዉ እዮም። የግዳስ፡ ናይ እቲ መጻምዲ ህይወት ምሕር እዩ ዝዓኑ። እቲ ሓዳር ጸኒዑ እንተ ደኣ ነይሩ፡ እቲ ዘይሞተ መጻምዲ ህላወኡ ከም ብሓደሸ እዩ ዳግማይ ክምስርት ሳዕልን ታሕተን ዝበልዑ።”

ሽውሃት ጥልቂ-ርክብ ካብ ካልኦት ዓይነታት ሽውሃታት ፍልይ ዝበለ እዩ። ሽውሃት ጥልቂ-ርክብ ንምፍጣር ‘ሓድነት’ እተሓዝዞ እዩ። ምስ ፍቕሪ ክኸውን ኣለዎ ወይ ትርጉም ኣልቦ እዩ ዝኸውን።



ሓደ ወዲ ተባዕታይን ሓንቲ ጓል ኣንስተይትን ሓዳር ክምስርቱ ቃል እንተ ደኣ ተኣታትዮም፡ ዓሚቕ መንፈሳዊ ምትእስሳር እዩም ዝምስርቱ። ንዘለዎም ኩሉ ንሓድሕዶም ክካፈሉ ይወስኑ። እዚ ውሳነ ንግዚኡ ጥራይ ዘይኮነ ክሳብ መጠረሽታ ዕምሮም ክቕጽልዎ እዮም መብጽዓ ዝኣትዉ።

ጥልቂ-ርክብ ንሰብኣይን ሰበይትን ብሓደ ከም ዝጥምሩ ይገብር። እቲ ምንታይሲ፡ ክንጽ ንዀአ ርእሶና ከም እነድህብ እዩ ዝገብረና።

ካብ ሓዳር ወጻኢ፡ ጥልቂ-ርክብ ኣብ መጠረሽታ ኣጨናፊ ጉዳይ እዩ ዝኸውን። እቲ ምንታይሲ፡ ሓድነት ምሉእ ብምሉእ ኩዮ ክጭብጦ ኣይከኣልን እዩ። ብዀሎም እዩም እምበር፡ መብዛሕትኦም መራሕቲ ሃይማኖት ዓለምና፡ ንጥልቂ-ርክብ ካብ ሓዳር ወጻኢ ከይክስት ዝኸልከሉ።

እዚ ኣብ መዳይ ናይ ሓጻር ግዜ ተጓንፎ ርዱእ እዩ። የግዳስ ዋላ ኣብ ናይ ነዊሕ እዋን ጉዳይ፡ ብዘይ መብጽዓ ሓዳር፡ ነቲ ዝምድና ክትርሕርሖ ክፉት ምርጫ እዩ ዝህልወካ። ከም ሳዕቤኑ ወዮ መጠን ምትእስሳርካ ናብ ሓጺር ግዱ ክበጽሕ ይኽእል። ኣብ መወዳእታ፡ ጭንቀት የስዕበልካ። እቲ ዝምድና ድማ ካብ መሰረቱ ኣትሒዙ ክብሕገግ ይጅምር።

ንምንታይ ንመጻምድና ብኸመይ ኢና ክንመርጾም ዘሎና? ኑዮም ብዓይንና እቶም ዝመልክዑ ኰይኖም ንዝረኣዩና ዲና ክንመርጽ ዘሎና? ኑዮም ዝያዳ ሓይሊ ወይ ክእለት ዘለዎም ዲና እንመርጽ? ኑዮም ዝበዝሐ ገንዘብ ከም ዘለዎም እንኣምኖም ሰባት ዲና እንመርጽ?

ምርጫና ኣብ ሓደ ጉዳይ ጥራይ ዘድሃበ እንተ ዘይኩኑ እዩ ጸቡቕ። ንሓደ ንመጻምድና ኢልና ዓይንና ዘውድቕናሉ ሰብ - ንኽእለቱ፡ ምቕሉልነቱ፡ ሓይሉ፡ … ኣብ ግምት እንተ ኣእቲናዮ፡ ንሓዳርና ዝያዳ ውሕስነት ክህቦ ይኽእል እዩ። ንሓደ ርጡብ ከምኡ እውን ንገዛእ ርእሱን ንኻልኦትን ክብረት ዝህብ ሰብ ከም ምርጫና ክንሕዞ ኣሎና። እቲ እንመርጾ ሰብ - ሊጋሱ፡ ሕያዋይ፡ ዘይጽግሩ … ክኸውን ኣገዳሲ እዩ።

ንሓይነይታ ፍቕሪ ብኸመይ ከም እትብልኮ ትፈልጥዶ? ተመርያ! መብዛሕትኦም ካብ እቶም ብሓይነይታ ፍቕሪ ተደሪኾም ዝምርዓዉ መጻምድቲ፡ ድሕሪ መርዓኦም ኣብ ክልተ ሳምንቲ ኣንጻር ሓድሕዶም ክዕዘምዘሙ ይጅምሩ! ኣብ እዋን ሓይነይታ ፍቕሪ ብመዳይ ኣብ ሓድሕዶም ዘለዎም ልዑል ፍትወት ንፈታዊኦምን ጸላኢኦምን እዮም ዘቐንኡ። የግዳስ ሓዳር ምስ መስረቱ ብእኡ ንበኡ ካልኦት ዓይነት ሰባት እዮም ዝቕየሩ … “እንታይ ኳንኪ ድራር ዘየሰራሕኪ? … ክሳብ ሕጂ ኣበይ ኣምሲኺ? … ነቲ ምሳኺ ዝበረ ገዝዙብ እንታይ ገዚእኩሉ? … ምድረ ሰማይ ረመጽ ትኾውን!

ቀንዲ ጸገም ናይ ሓይነይታ ፍቕሪ፡ ኑዮም ናይ ብሉቂ ብልሚታት ክትርእዮም ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓደ ፈላጢኻ ናጣኻ መጺኡ፡ “እዛ ጓል ተሳልየያ ኣለኻ፡ ኣብር ኣልቦ ጓል ኣንስተይቲ እያ። ኣመና ምልክዕትን በላሕን እያ። ኣብ ስራሓ እምብዛ ዕወታዊን ሰባን እያ። ብዘይ መጠን ምቕርቲ እያ። …”

እንታይ ዘጋጠመ ይመስለካ? ንሱ ኣብ ፍቕሪ እታ ጓል ኣንስተይቲ ኣይወደቐን። ሓይሙኒይ ጥራይ እዩ ዝበሉ ዘሎ።

ዝ ጉዳይ እዚ፡ ንኣገዳሲት ፍቕሪ ንምንእኣስ ኣይኮንናን እንምጽኦ ዘሎና። የግዳስ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ብዙሓ ፍቕሪ ዘሎ ርድኢት ንዓና ኩጋዩና የብሉን ንምባል እዩ። ገለ መንእሰያት ኑዮም ኣብ ፈልምታት ምዕራባዊ ዓለም ብዙሓ ፍቕሪ ዝርእዩዎ ዛንታ፡ ከም ዘሎዎ ኣብ ህይወቶም ክተግብርዎ እዮም ህርዲግ ዝበሉ። ከም ሳዕቤኑ ኣብ ህይወቶም ተጣዒሶም ክወጽኡ ናብ ዘይኽእሉሉ ዓዘቕቲ ክሽመሙ ንርእዮም ኣሎና።

ንጥልቂ-ቅርበት ከም ሓደ ዝዓበየ ቅዱስ ነገር ገይርና ብምርኣይ፡ ንኽይዙራኸሶ ክንጽዕር እንኸለና ኢና፡ ኣብ ሓዳርና ዝለዓለ ቀሳነትን ሓጎስን ክንረክብ እንኽእል።

ኣብ ሕብረተሰብና ንሓዳር ካብ መንፈሳዊ ህይወትና ፈሊና ስለ ዘይንርእዮ፡ መብዛሕትኡ ሓዳር ጸኒዑ ክቕጽል ኢኻ እትርእዮ። ገለ ስክፍታታት የለዉን ማለት ግዳ ኣይኮኑን። ገለ ሓዳር ብታህዋኽ ተመስሪቱ ብታህዋኽ ክፍንጣሕ የጋጥመና ኣሎ። እዚ ኩዮ ዝኩሓድ ኣይኮነን። የግዳስ ብመሰረቱ ተሰሩ ዘቐርጽ ኣይኮነን።

ወለድና ካብና ንላዕሊ ንሓዳር ብመንፈሳዊ ዓይኒ ይጥምትዎ ስለ ዝበሩ፡ ዝተሓተ ናይ ፍትሕ ኩነታት የጋጥሞም። ካብ መንፈሳዊ ኩነታት ወጻኢ፡ ካልኦት ረቛሒታት ከም ዘለዉ እውን ርዱእ እዩ።

ብመንፈሳዊ ርድኢት መጻምድቲ ሓደ ኣካል ከም ዝኾኑ ስለ ዝገለጸ፡ እቲ ሓዳር ከቢድ ሓላፍነት እዩ ዘኸትል። ሓዳር ማለት ሽርክነት ኣይኮነን። ሓዳር ማለት ምሕዝነት እውን ኣይኮነን። ሓዳር ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ፡ ‘ሓድነት’ እዩ። መንፈሳዊ ምትእስሳር እዩ። እቲ ሓይሊ ሓደ ከም ዝዀብርካ ጸኒዑ እምነት ክህልወካ ኣለዎ።

ንሓድሕድካ ኣብ ጥልቂ ርክብ ምስ በጻሕኩም፡ ገለ ግማዕ ክፋል ኣካልካ ንሓዋሩ ንመጻምድኻ ከም ዝሁብኮ ምዝካሩ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ እዚ፡ እቲ ግማዕ ኣካልካ ዝሁብኮ ሰብ ንሓዋሩ ናጣኻ ከም እትለጠፈ ኣረጋግጽ!

እዚ ኣብ ሚታፈዚካውን ስምዒታውን ኩነታት ይሰርሕ እዩ። ንፈለማ እዋን ኣብ ግዜ ህጻንነትካ ጉዙዝ እናተጻወትካ እንከለኻ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ኳንካ እተጻወትካዮ ትዝክሮዶ? ነቲ ሽዑ ‘ምትሃት’ ክበሃል ዝኽኣል ዝሓደረካ ስምዒት ሕጂ ክትዝክሮ ትኽእልዶ?!

ነቲ ምትሃት ነታ ጽሬሓ ኣብ ሓዳርካ መጻምድኻ እትኾውን ክትዕቅቦ ዘለካ ኩይኑዶ ይሰምዓካ? ኣብ ዓለም ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣላ ኢልካ ሕሰብ ወይ ኣብ ዓለም ሓደ ወዲ ተባዕታይ ኣሎ ኢልኪ ሕሰቢ። ነታ ኣብ ዓለም ዘላ እኽኮ ጓል ኣንስተይቲ እንተ ትምርዓዋ ወይ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ እኽኮ ወዲ ተባዕታይ እንተ ትምርዓውዮ፡ ዝምድናኹም ክሳብ ክንደይ ክቡር ክኸውን ከም ዝኽእል ኣብ ኣእምሮኹም ክትቀርጽዎ ትኽእሉዶ? ሓይሊ እቲ እንብሎ ዘሎና እምበኣር እዚ እዩ።

ምስ ዝጠመትካያ ጓል ኣንስተይቲ ብዘይተገዳሰት ትቕርባ እንተ ኳንካ፡ ምስኣ ሓዳር ንኽትገብር ከም ዝጸገመካ ርዱእ እዩ። ዋላ ሓዳር እንተ ገበርካ እውን፡ ኣብ ሓዳርካ ጽሬትካ ክትቅጽል ዝህልወካ ዕድል ምሕር ዝተሓተ እዩ ዝኸውን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ንመጻምድና፡ “እዛ ሰብ ገለ ኣብራት ኣለዋ። ዝ ሰብ ገለ ኣብራት ኣለዎ። …” እናበልና ንሓድሕድና ብሕማቕ ክንጸጸር ወይ ክንመዛዘን ኢና እንትሓላለፍ። እቲ ምንታይሲ፡ “እዚኣ እንተ ኾይና ካልኦት ማእለያ ዘይብለን ኣዋልድ እኮ ኣለዋ። እዚ እንተ ተዓዚሩ፡ ኣእላፍ ኣውዳት እኮ ኣለዉ። …” እናበልና ምስ ካልኦት ኣብ ምቕያሕ ኢና እንጽመድ።

ኣብ መዳይ ጥልቂ-ርክብ ንነፍሲ ወከፍ ምንቅስቓስካ ብጥንቃቐ ኣቕልበሉ። እቲ ምንታይሲ፡ ንዝምድናኻ ንሓዋሩ ክጸልዎ ይኽእል እኮ እዩ።

ንጥልቂ-ርክብ ኣብ ምሕያል ንዘሕግዙ ዕድላት፡ ዓይንና ከይፈለስና ክንጥቀመሉም ኣሎና። ካብ እቶም ንጥልቂ ርክብ ዝራኸሱ ኣብ ምርሓቕ ኩኡ ኩዮ ክንማገታእ ኣይግባእን። ንኣብነት፡ ኑዮም ንፍቕርን ሓዳርን ዝራኸሱ ፈልምታት እንታይ ዘርኢ ኣሎካ?!

እወ ሚዛን ስብዕትካ ክትቅጽል እንተ ደኣ ኾይልካ፡ ካብ እቶም ዘሰብሉ መጉብታት ክትርሕቕ ከም ዘለካ ኣይጠፍኣካን እዩ። ኣብ ጥልቂ-ርክብ እንተ መጺእና እውን ንኣዊንትኻን ኣእምሮኻን ካብ ዘሰድዑኻ ነገራት ክትርሕቕ ከም ዘለካ ክጠፍኣካ የብሉን። እዚ እዩ እምበር ገዛእ ርእስኻ እትቈጻጸረሉ ዱሰፕሊን።

ካብ ዘሰድዑኻ ነገራት ክትእለ ናይ ብሉቂ ድሌት እንተ ደኣ ሃልዩካ፡ ንኣእምሮኻ በቶም ዝያዳ ዘገድሱኻ ጥራይ ከም ዝምላእ ግበር። እወ ኣእምሮኻ ኣብ ፈጠራውን ምርምራውን ጉዳያት ክጽመድ እንከሎ፡ ንህይወትካ እንታይ ከም ዝጠቕሙኻ ክበርሃ ኣይእግምን እዩ።

ብፍላይ ብዙሓ እቶም ኣሰዓዕቲ ጉዳያት ብዝምልከት ኣብ ሕልሚ ቐትሪ ወይ ፋንታዝያ ክትሽመም ከም ዘይብልካ ኣቐዲምካ ምስ ገዛእ ርእስኻ ኣሂን ምሂን ክትበሃሃል ኣመና ኣገዳሲ እዩ። ከመይሲ፡ እዚኣቶም ኣፅውትን ሓንኩልትን እዮም። ንሓይሊ ኣእምሮኻ ኣብ ሃለውላ ምብኻን፡ ንሓይልኻ ምሕር ዝጸንቅቕ እዩ።

ሕልሚ ቐትሪ ‘ልቢ ወሉዓት’ እውን ይፈጥር እዩ። የግዳስ ንስኻን መጻምድኻን ኣብ ልቢ ወሉዓት ኣይትኩንኩምን እትኑብሩ። ንስኻትኩም፡ ክንጽ ልቢ ወለድ ኣብ ዘሎ ክውንነት ኢኹም ክትነብሩ ዘለኩም።

ስለምንታይ እዩ ‘ሓዳር’ መንገዲ ልቦና ዝኸውን?

• ብኸመይ ንጥልቂ ርክብ ትቐርቦ፡ መለክዒ ክሳብ ክንደይ ብሓፈሻ ንገዛእ ርእስኻ ትቈጻጸር እዩ።

• ንጥልቂ ርክብ ብጠዮቦእ እንተ ዘይተጠቐምናሉ፡ ምሕር ኩናኽመና ይኽእል እዩ።

• ሓዳር ቅዱስ ዝኾነ ተግባር ሓድነት ዝፈጥር እዩ።

• ጥልቂ ርክብ ንዘልኣለም ዘተኣሳስር እዩ። ምኽንያቱ እዚ፡ ነዚ ዘልኣለማውነትካ ብጥንቃቐ ምረጾ።

• ንገዛእ ርእስኻ ምስ እተኣሳስሩ ካልኦት ዘደልዩኻ ጉዳያት ብቐሊሉ ክትቈጻጸሩኻ ዕድል ይረኽቡ።

***“ኣብ ህይወተይ እቲ ዝበለጸ ዓወተይ ኣለ ዝጸንዕ ንበይነይ በተይ ንኽትምርዓወኒ ክእምና ስለ ዝኸኣልኩ እዩ።” ዊንስተን ቸርችል***

***“ጽቡቕ ሓዳር ዝበሃል፡ ‘ፍጹማት መጻምዲ’ ኣብ ሓደ ክጥርነፉ እንከለዉ ኣይኮነን። ጽቡቕ ሓዳር ዝበሃል ‘ዘይፍጹማት መጻምዲ’ ንፍልልያቶም ክቕበሉ ከም ዘለዎም ክምሃሩ እንከለዉ እዩ።” ዴቭ መዩረር***

ይቕጽል

# ጸጋታት ባሕሪ

## ቈጽሊ ሻሂ ካብ ጸህያይ ባሕሪ

ሚካኤል መንግስተኣብ
ፍስሃ ተኽለወይኒ

ጸህያይ ባሕሪ ሓደ ካብ ኣትክልቲ ባሕሪ እዩ። ብመኣዛዊ ትሕዝቶኡ ሃብታም ኮይኑ፡ ከም መግቢን መድሃኒትን ኮይኑ ኣብ ጥቕሚ ወዲ-ሰብ ካብ ዘገልግል ብዙሕ ዘመናት ኣቑጺሩ ይርከብ። ሓደ ካብ ጸጋታት ባሕሪ ዝኾነ ጸህያይ ባሕሪ ንጥዕና ወዲ-ሰብ ኣዝዮም ዘገድሱ ፕሮቲናትን ማዕድናትን ዘለዎ እዩ። ገለ ካብ ረብሓታቱ ንምጥቃስ፡ ጸህያይ ባሕሪ ብቪታሚን "ከይ" ዝሃብተመ ስለዝኾነ ኣብ ምዕጋት ደም ኣዝዩ ጸቡቕ ጥቕሚ ኣለዎ። ብሓፈሻ ጥቕሚ ጸህያይ ባሕሪ ኣዝዩ ብዙሕ ኮይኑ ብሕጻር ዝበለ ክግለጽ ከሎ፡ ኣብ ምሕቃቕ መግቢ፡ ኣብ ሓይሊ ምምንጫው፡ ናይ ምዝዀር ዓቕሚ ኣብ ምዕባይ፡ ኣብ ምድልዳል ኣዕጽምቲ ወዘተ ዓቢ ተራ ኣለዎ። ብዘውሳኺ ጸረ ታህዋስያንን ጸረ-ቁጠዐን ከምኡ'ውን ቪታሚናትን ማዕድናትን ስለዝርከቦ ጥዕና ልቢ ከውሕስ ከም ዝኽእል ተመራመርቲ ስነ ጥዕና ይሕብሩ። ብዘውሳኺ፡ ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ፡ ካብ ምዃብ ኣገደስቲ መኣዛታት ሓሊፉ ኣብ ምጉዳል ሚዛንን ማለት ምቁጽጻር ክብደት ሰብነት፡ ምቁጽጻር መጠን ሽኮር ኣብ ኣካላትና፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምዕቃብ ጥዕና መዓንጣ ብዙሕ ረብሓታት ከምዘለዎ ይሕበር።

ጸህያይ ባሕሪ ከም ምንጪ መግብን መሀብተሚ ትሕዝቶ መግብን ኮይኑ ክቐርብ ይኽእል እዩ። ኣብ መብዛሕትኦን ሃገራት ንጸህያይ ባሕሪ ብመልክዕ መግቢ፡ ማስተን መድሃኒትን ብምድላው ከሀልኽ ይርኢ እዩ። ባህርያዊ ትሕዝቶን መስርሕ ጸማሪ ብርሃንን (ፎቶሰይንተሰስ) ምርኩስ ብምግባር፡ ጸህያይ ባሕሪ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ጉጅለታት ይኽፈል። ንሳቶም ከኣ "ቀይሕ" "ቡናዊ" "ቀጠልያ" ጸህያይ ባሕሪ ተባሂሎም ይጽውዑ። ቀይሕ ባሕሪ ብጸጋታት ጸህያይ ባሕሪ ሃብታም እዩ። ስለዚ እዚ ዓምዲ ጥቕሚን ኣደላልዋን ቈጽሊ ሻሂ ካብ ጸህያይ ባሕሪ ትሕዝቶ ሐዚ ቀሪቡ ይርከብ።

ቈጽሊ ሻሂ (ቀጠፍ) ዳርጋ ልዕሊ ተሰዓ ሚእታዊት መዓልታዊ ወዲ-ሰብ ዘጥቀመሉ ማስተ እዩ። ስለዚ ጥዕናዊ ረብሓታት ጸህያይ ባሕሪ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብመልክዕ ቈጽሊ ሻሂ ተዳልዩ ኣብ መዓልታዊ መዝብሮ ሕብረተ ሰብ ጥቕሚ ንኽህልዎ ክሰርሓሉ ጀሚሩን ኣሎ። ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ብጽእሾ ደረጃ ብቐሊሉ ክዳሎ ዝኽእል፡ ባህ ዘብል መኣዛ ዘለዎ ዓይነት ማስተ እዩ። ህዝብታት ሃገራት ኤስያ መኣዛታቱን ጥዕናዊ ረብሓታቱን ብምርዳእ መዓልታዊ የዘውትርዎ እዮም።

ጸህያይ ባሕሪ ዝተፈላለየ ዓይነት ትሕዝቶ ማለት ከም ኣልጂኔት ዘለዎ እዩ። እዚ ከኣ ኣብ ኣካላትና ንዝርከብ ስብሒ ብምምጻው ከም ዝጉድል ተረጋጊጹ ኣሎ። እዚ ድማ ኣመጋግባ ካሎሪ ኣብ ምቁጽጻርን ጥዑይ ክብደት ሰብነት ኣብ ምድንፋዕን ክሕግዝ ይኽእል። ካብዚ ሓሊፉ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ምስ ምምሕያሽ ጥዕና-መዓንጣ ዝተኣሳሰረ ጥቕሚ ከምዘለዎ ይግለጽ። ኣብ ጸህያይ ባሕሪ ዝርከብ ትሕዝቶ ጽሕነ ከም ፕሪባዮቲክ (ዘይሓቅቕ መግቢ) ኮይኑ ንጠቓምቲ ባክተርያ መዓንጣ ከም መግቢ የገልግል። እዞም ኣብ መዓንጣ ወዲ-ሰብ ዝርከቡ ጠቓምቲ ባክተርያ (ማይክሮባዮም) ጥዑያት ምስ ዝኾኑ፡ ኣብ መዓንጣ ንምሕቃቕ መግብን ምምጻው መኣዛታትን ሓፈሻዊ ጸቡቕ ጥዕና ንክህልወና ሓገዝቲ እዮም።

መጸናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ጸረ-ነድሪ ከምዘለዎ ወሲኾም ይገልጹ። ሕዱር ነድሪ ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ጥዕና ጸገማት - ከም ሕማም ልቢ፡ ሕማም ሽኮር ከምኡ'ውን ዝተወሰኑ ዓይነታት መንሽሮ ዝተኣሳሰረ ኮይኑ፡ ትሕዝቶ ጸህያይ ባሕሪ ድማ ኣብ ምክልኻልን ምፍዋስን ዓቢ ኣበርክቶ ኣለዎ። ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ከም ልምዲ ምስ ንጥቀመሉ፡ ነድሪ ንምንካይን ጥዑይ ኣካላት ንምውናንን ክሕግዝ ይኽእል። ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ኣዮዲን ዝበዝሐ ማዕድን ስለዝውንን ኣብ ስራሕ ታይሮይድ ዓቢ ተራ ኣለዎ። ብዘውሳኺ ጽኪ ታይሮይድ፡ ንመታባለዝም ዕበየትን ምዕባለን ይቈጻጸር፡ ከምኡ'ውን ግቡእ ስራሕ ታይሮይድን ሓፈሻዊ ሚዛን ሆርሞናትን ንኽበርትዕ ክሕግዝ ይኽእል።


ጥዑም መቐረት ዘለዎ ሻሂ ንምድላው፡ ዓይነት ጸህያይ ባሕሪ ምምራጽ ወሳኒ እዩ። ኣብ ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ዝውቱራትን ፍሉጣትን ዓይነት ጸህያይ ባሕሪ ኣለው። ካብ ቡናዊን ቀይሕን ጸህያይ ባሕሪ ክስራሕ ይኽእል። ነፍሲ-ወከፍ ዓይነት ጸህያይ ባሕሪ ናይ ገዛእ ርእሱ ፍሉይ መኣዛን መቐረትን ስለዘለዎ፡ ምስ ጣዕሚ ዝሰማማዕ ፈተነ ብምግባር ክፍለጥ ይከኣል። ብዘውሳኺ፡ ኣብ ግዜ ምእካብ ጸህያይ ባሕሪ ወቕቲ ምንትታል ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ። ስለዚ፡ ጸህያይ ባሕሪ ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ዕበየት ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ክትጥቀም ይግባእ።

ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ክተዳልው እንከለኻ፡ ግምት ክወሃቦም ዘለዎም ረቛሒታት ምኽታል ኣገዳሲ እዩ። ቀዳማይ ጣዕምን ጨናን መኣዛዊ ትሕዝቶኡም ብምግንዛብ ዓይነት ጸህያይ ባሕሪ ክትመርጽ ይግባእ። ስለዚ ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ድማ ብቐዓቱ ካብዚ ደረጃ እዚ ይጅምር። ካብ ብከላ ናጻ ዝኾነ ከባቢ ተኣርዩ ዝኾነ ምብስባስ ከም ምቕያር ሕብሩ ዘይንብር ጨና ከይህልዎ ምጥንቃቕ የድሊ። ምስተኣከበ ከኣ ብጽሩይ ማይ ምሕጻቡ፡ ካብ ሓመድን ደሮናን ናጻ ምግባር፡ ካብ ዘይተደለዩ ደቀቕቲ ታህዋስያን ዝበኸል መንቀጺ ምጥቃም፡ ሓደ ካብቶም ወሰንቲ ረቛሒታት ምድላው ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ እዩ።

ኩሉ መስርሕ ምድላው ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ምስ ተኻየደ፡ ኣብ ኣየር ዘይኣትዎ መትሓዚ ብግቡእ ይዕሸግ። ካብ ርስሓትን ቀጥታዊ ብርሃን ጸሓይን ንምክልኻል ከኣ ብግቡእ ይቕመጥ። እዚ ኣገባብዚ ዕድመ ብቕዓቱ ንክናዋሕን ንኽሕሎን ይሕግዝ። ንንግዲ ዝዳለመ ምስ ዝኸውን ድማ ስም ፍርያት፡ ትሕዝቶ ቀመማት፡ ዝፈረየሉን ዝወድቀሉን ዕለት ከምኡ'ውን ምስክር ወረቐትን ይግበረሉ።

ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ኣብ እኑዳልወሉ እዋን፡ ዝተፈላለየ መኣዛታት ዘለዎም መቓምምቲ ክንውሰኽሉም ንኽእል ኢና። ቈጽሊ ሻሂ ምስተዳለወ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ካብ ልሙድ ቈጽሊ ሻሂ ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን። ኣብ በራድ ማይ ምስ ፈለሐ፡ መጠን ማይ ኣብቲ ክትሰርሖ እትደሊ ብዝለሊ ይምርኮስ፡ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ተዳልዩ ዘሎ ቈጽሊ ጸህያይ ባሕሪ መታን ክምጽ ንኣሰታት 5-10 ደቓይቕ ምስቲ ዝፈልሐ ማይ ይጽንሕ። ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ፡ ኣብ ውልቃዊ ጣዕሚ ዝምርኮሰ'ኳ እንተኾነ ከም ለሚኒ ጅንጅብል፡ ሀሩድ ዝኣመሰሉ ተወሲኾቱ መማቕርቲ ብምሕዋስ'ውን ክስተይ ይኽእል እዩ። ኣብ መውዳእታ ፍሉይ መኣዛታትን ጥዕናዊ ረብሓታትን ናይ ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ኣስተማቕሩ።


መስርሕ ምንቃጽ ቀይሕ ጸህያይ ባሕሪ


ብቈጽሊ ጸህያይ ባሕሪ ዝተዳለወ ሻሂ


መስርሕ ምንቃጽ ቡናዊ ጸህያይ ባሕሪ

ምኽንያቱ ልዑል መጠን ብከላ ከበድቲ ሓጺን ኣብ ዘለዎ ከባቢታት ዝበቖል ጸህያይ ባሕሪ ናይ ምብካል ተኽእሎኡ ልዑል ስለዝኾነ። ህላወ ከበድቲ ሓጻውን ኣብ ጸህያይ ባሕሪ ስክፍታ ክኸውን ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ ኩሉ ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ወይ ጸህያይ ባሕሪ ግን

ጸህያይ ባሕሪ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ጠቓምቲ ማዕድናት ዝእክብ'ኳ እንተኾነ፡ ንደቂ-ሰብ ተጻዋዒቲ ዝኾኑ ከበድቲ ሓጺን ናይ ምስሓብን ምእካብን ባህሪ ከምዘለዎ ይፍለጥ። እዚ ድማ ኣብቲ ጸህያይ ባሕሪ ዝበቖለሉ ማያዊ ክፋልን መሬትን ብከበድቲ ሓጻውን ዝተበከለ ምስ ዝኸውን እዩ። ካብ ማይን መሬትን ከም ኣርሰኒክ፡ ካድሚየም፡ ሊድን ሜርኩሪን ዝኣመሰሉ ከበድቲ ብረታት ክስሕብ ይኽእል። ካብ ዓይነታት ቡናዊ ጸህያይ ባሕሪ ከም "ኬልፕ" ምስ ቀይሕ ወይ ቀጠልያ ጸህያይ ባሕሪ ክነጻጸሩ ከለው፡ ዝለዓለ መጠን ከበድቲ ብረታት ከምዝእክቡ ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት ይሕብሩ።

ስለዚ ምንጪ ጸህያይ ባሕሪ ካብ ኢንዱስትርያዊ ንጥፈታትን ሕርሻን ዝኾሓፉ በከልቲ ቐጻታትን ካልእ ምንጪ ብከላን ቀርበት እንተደኣ ኣለዎም ተመሪጺ ከምዝዩትካ ክፍለጥ ይግባእ። ንብከላ ቅሉዕ ከምዝይትካ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ፍርያት ጸህያይ ባሕሪ ዝኾኑ ብቕዓቶም ንምርግጋጽ ዕሙቕ ዝበለ መርመራ ከምዝግበረሎም እውን ይፍለጥ እዩ። ስለዚ ጥዕናኡ ዝተረጋገጸ ንማስተ ዝኸውን ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ ንምድላው፡ ምቁጽጻር ጽሬትን ጥንቃቐን የድሊ።

ጕምጕም ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ዝተፈላለዩ ዓይነት ጸህያይ ባሕሪ ስለዘውንን ኣብ ምምዝማዝ እዚ ጸጋ ዝያዳ ድፍኢት ይፈጥር። ኣባላት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣብ ሃገራዊ ላቦራቶሪ ብቕዓት ዓሳ ፈተነ ምድላው ቈጽሊ ሻሂ ካብ ጸህያይ ባሕሪ ኣካይዶም ምንባርም ይዝከር። ኣብቲ ዝተገበረ ምርምር ካብ ቡናውን ቀይሕን ጸህያይ ባሕሪ ጸቡቕ ወጽኢት ተረኺቡዎ ኣሎ። ስለዚ ጸጋታትና ብግቡእ ምዕቃብን ምምዝማዝን ናይ ኩሉ ሓላፍነት እዩ።


ዝተዳለወ ቈጽሊ ሻሂ ጸህያይ ባሕሪ

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Specific Procurement Notice

### Invitation for Bids [IFB]

**IFB Number:** 06.2/01/ OCBN/AfDB-DRSLP V/AED/RG/YT/24

**Purchaser:** MINISTRY OF AGRICULTURE
**Project:** DROUGHT RESILIENCE AND SUSTAINABLE LIVELIHOOD PROGRAM (DRSLP V) - ERITREA PROGRAM
**Contract title:** PROCUREMENT OF 70REFRIGERATORS and 01 GENERATOR
**Country:** ERITREA
**Grant No.:** 5900155016104/2100155040575
**Procurement Method:** Open Competitive Bidding (National)

**OCBI / LCB No:** 06.2/01/ OCBN/AfDB-DRSLP V/AED/RG/YT/24
**Issued on:** 23 Mar 2024

1. The Ministry of Agriculture of the State of Eritrea has received financing from the African Development Bank Group hereinafter called the Bank toward the cost of the DROUGHT RESILIENCE AND SUSTAINABLE LIVELIHOOD PROGRAM (DRSLP V) - ERITREA and intends to apply part of the proceeds toward payments under the contract for the supply 70 Refrigerators and 01 Generator.

2. The Ministry of Agriculture of the State of Eritrea now invites sealed Bids from eligible Bidders for 70 Refrigerators and 01 Generator.

3. Bidding will be conducted through the Open Competitive Bidding (National), (OCBN) method as specified in the Bank's Procurement Framework dated October, 2015 and is open to all eligible bidders as defined in the Procurement Framework.

4. Interested eligible Bidders may obtain further information from Ministry of Agriculture of the State of Eritrea, Yacob Tesfom, **yacobtesfom@gmail.com** and inspect the bidding document during office hours i.e., 08:00 to 15:00 hours at the address given below.

5. The bidding document in English may be received by interested eligible Bidders upon the submission of a written application to the address below.

6. Bids must be delivered to the address below on or before **10:30 a.m. 23 April 2024**. Electronic Bidding **will not** be permitted. Late Bids will be rejected. Bids will be publicly opened in the presence of the Bidders' designated representatives and anyone who chooses to attend at the address below on **11:00 a.m. 23 April 2024.**

7. All Bids must be accompanied by a Bid Security of **USD 2,000.00 or its equivalent in convertible currency**

8. The address (es) referred to above is (are): Ministry of Agriculture of the State of Eritrea
Yacob Tesfom
Head Office, Gejeret, Sawa Street,
P.O. Box 1048,
Tel. 002911189266/002911180699,
Asmara, Eritrea
Email: yacobtesfom@gmail.com.

## NOTICE

**Mosob Textiles P.L.Co is hereby calling a general meeting of all the members of the Company on the 29th of February 2024. All the members are hereby cordially invited to be present either personally or by their proxies.**

**MOSOB TEXTILES PRIVATE LIMITED COMPANY**

## Notice

Notice hereby given to the public that **LUL clearing and forwarding** Private Limited Company has been formed among the following members.

A. Members

| | Names | Nationality | Share | Value in Nakfa |
|---|---|---|---|---|
| 1 | Ezgiamn Tekie Zeru | Eritrean | 80 | 240,000.00 |
| 2. | Simon Tsegai Ghebremedhin | Eritrean | 20 | 60,000.00 |
| | | | 100 | 300,000.00 |

The head office of the company is in Asmara and branch offices may be opened within the Eritrea and outside of Eritrea.

B. Business purpose of the company.

1. To engage in import and export activities
2. To engage in whole sale and retail trade activities
3. To engage in manufacturing activities
4. To engage in clearing and forwarding activities
5. To engage in Travel agent and tour operator service
6. To engage in guard service
7. To engage in gardening service
8. To engage in car rental service
9. To engage in hotel service
10. To engage in cargo handling service

C. The capital of the company is Nakfa 300,000.00 (Three hundred thousand Nakfa) divided into 100 nominal shares. All subscribed and fully paid in cash. The per value of each share is Nakfa 3,000.00 (Three thousand Nakfa).

D. Mrs. Ezgiamn Tekie Zeru is appointed to be the manager of the company for unlimited period of time.

E. The company is established for unlimited period of time.

**LUL CLEARING AND FORWARDING PRIVATE LIMITED COMPANY**

## Notice

Notice hereby given to the public that GELILA Private Limited Company has been formed among the following members.

**A.** Members

| | Names | Nationality | Share | Value in Nakfa |
|---|---|---|---|---|
| 1. | Mebrat Ghebremeskel Ghebrehiwet | Eritrean | 50 | 150,000.00 |
| 2. | Helen Habtemichael Ghebregzabhier | Eritrean | 50 | 150,000.00 |
| | | | 100 | 300,000.00 |

The head office of the company is in Asmara and branch offices may be opened within the Eritrea and outside of Eritrea.

**B.** Business purpose of the company.

1. To engage in import and export activities
2. To engage in whole sale and retail trade activities
3. To engage in manufacturing activities
4. To engage in clearing and forwarding activities
5. To engage in Travel agent and tour operator service
6. To engage in guard service
7. To engage in gardening service
8. To engage in car rental service
9. To engage in hotel service
10. To engage in cargo handling service

**C.** The capital of the company is Nakfa 300,000.00 (Three hundred thousand Nakfa) divided into 100 nominal shares. All subscribed and fully paid in cash. The per value of each share is Nakfa 3,000.00 (Three thousand Nakfa).

**D.** Mrs. Helen Habtemichael Ghebregzabhier is appointed to be the manager of the company for unlimited period of time.

**E.** The company is established for unlimited period of time.

**GELILA PRIVATE LIMITED COMPANY**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ወ/ሮ መዲና ኢብራሂም መሓመድ፡ ተኸሳሲ ሰዒድ ፈሊ ሰዒድ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ኣፍራሕ መሓመድ ኢድሪስ፡ ተኸሳሲ መብራክ ሳልሕ ኑር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ሌ/ኮ ኣፈወርቂ ሃብተማርያም ዑቕባጋብር፡ ተኸሰሲ ወረ/ፍ ተኸስተ ወልደኣብ፡ 1.ኣብርሃም ተኸስተ 2.ሳምሶም ተኸስተ 3.ሚሮን ተኸስተ 4.ኣሌክሳንደር ተኸስተ 5.ናሆም ተኸስተ 6.ሄርሞን ተኸስተ 7.ናኦድ ተኸስተ ንናይ ምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪል ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋብኢያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ውዳሰ ኀይትኦም ማህደረ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ጸጋይ ተረፈ ስለዝተሰወኣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ደማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርኸቲ ወልደሰላሴ ወልደሚካኤል፡ ወደይ ሮቤል ግርማይ ተኸስተ ስለዝሞረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተብርሃን መብራህቱ ሃወቱ፡ ተጸዋዒ ተስፋጋበር ገብሩ፡ ንናይ ወቅልና ምስራዝ ዝምልከት ጉዳይ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ የኑሳሌም በየነ ተወልደ፡ ሓወይ ኣሲየስ በየነ ተወልደ ልዕሊ 4 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ምዃኑ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ በየነ ተስፋዝጊ፡ በዓል ቤተይ ካፒተይን ኢያሱ ሃብተማርያም ተኽለ ስለዝተሰወአ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ መንደፈራ

ፍሰሃየ ገብረክርስቶስ በርሀን ጸገ ወልደብሩኽ ተኽለ፡ ወድና ማቲዎስ ፍሰሃየ ገብረክርስቶስ ስለዝተሰወአ፡ ንሕና ወረስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ማጆር ተወልደን ወ/ሮ ሂወት ተስፉን፡ ሰም ት/ዕድመ ወድና ኣብርሃለ ማጆር ተወልደ ምግቢ ተሪፉ፡ ያፌት ማጆር ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰስቲ ወረ/ፍ/ሄር ተስፉ ገብረሂወት ኣቶ ሙሴ ተስፉ፡ ተኸሰስቲ 1.ነፍ/ተስፉ ገ/ሂወት 2.ወ/ሮ ሮማ ሰለሙን ብዘሎ ናይ ወህበቶ ክርክር፡ ተኸሰስቲ 1.ኣስቴር ከስተ 2.ራሚ ኣሰመሮም 3.ኣብራሃም ተስፉ 4.ኢሳቕ ተስፉ 5.ሳራ ተስፉ 6.ሩታ ተስፉ 7.ጽገሮና ተስፉ 8.ሊያ ተስፉ ብኣድራሻኹም ክርከቡ ስለዘይተኻእሉ ብጋዜጣ ተጸዊዕኩም ን10/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ንግስቲ ወልደየውሃንስ ኣምነኣብ ምግቢ ተሪፉ፡ ሮግኣት ወልደየውሃንስ ኣምነኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርዳኖስ ገብራይ ወልደስላሴ ምግቢ ተሪፉ፡ የዲት ገብራይ ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተብርሃን ብርሃ ገብረኪዳን፡ ኣቦና ብርሃ ገብረኪዳን ወልደሂወትን ኣዴና ለተዝወርያት ገብረማርያም ተስፉይን ስለዝሞረፉ፡ ንሕና 7 ብኣቦናን ብኣዴናን ኣሕዋትን 1 ብኣዴና ሓውናን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከሳሲት ወ/ሮ ለምለም ሓጎስ በየነ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ገብረትንሳኤ ተወልደ ገብረማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ጸሃይሽ ገብረመድህን ተኸሳሲ ተኽለ ዘርኣ ትኩሱእ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልካ ስለዘሎ ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሰዒድ ኢብራሂም ማሓሙድ ምግቢ ተሪፉ፡ ሰዒደ ኢብራሂም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት- ፍርዲ ዞ/ደ/ ደቀምሓረ

ት/ዕድመ ሳምራዊት ኣማን ምግቢ ተሪፉ፡ ሳምራዊት ፊልሞን ቀጀላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትሕተ ዕድመ 1.ዴቮራ ስምኦን 2.ብሩኽ ስምኦን 3.ኣለኣብ ስምኦን 4.ኣማኒኤል ስምኦን 5.ሄርሜላ ስምኦን፡ ኣደ ኣቦና ኣብርሀት ተስፋይ ስለዝሞረፈት፡ ንኣቦና ተኪእና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣድያም ከዱ፡ ሓወቦና የሴፍ ባህታ ስለዝሞረፈ፡ ኣቦና እውን መዋቲ ስለዝኾነ፡ ነቦና ተከእና ንሕና 6 ኣሕዋት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰላም መሓሪ በርሀ ምግቢ ተሪፉ፡ ሰላም መሓሪ በሪሁ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓረዛ

ሰቲ ኑር ጣህር ዓብደልቃድም፡ በዓል ቤተይ ጀማል ኣሕመዲን እድሪስ ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዓዲ ቐይሕ

ኣቶ ኣድሪስ መሓመድዓሊ ሰሎማ፡ ኣቦይ ኣልማርሑም መሓመድዓሊ ሰሎማን ስለዝተሰወኡ ንኣዴና ናይ መጸምዲ ማስላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ደማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ሰንዓፈ

ኣቶ ተስፋኣለም ኣድሓኖም በርሀ፡ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ልእልቲ ሕሸ ዝግታ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ 2 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ሂሚን ተስፋይ፡ ወለድና ተስፋይ ማናን ስምኩኡ ገብረማርያም ተወልደን ስለዝሞረፉ፡ ንሕና 8 ደቆም ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቶም ኣብ ጥክ ዘሎ ገዝኦም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወዘት ሃብቶም ሓጎስ፡ ኣቦይ ሃብቶም ሓጎስ ረዳእ ስለዝሞረፈ፡ ቅድሚ ሞቱ ዝገደፈለይ ለቦ ናይ ልቻንሳ ሸቀጣ ሸቐጥ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ኣቑርደት

ከሳሲ ኣቶ የማነ ተኽሉ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሰላማዊት ኢያኣብ ብጽኣይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪብልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ/ጋ/ባርካ ተሰነይ

መሓመድ ሓጎስ ዑሰማን ማሕሙድ ምግቢ ተሪፉ፡ መሓመድ ዑሰማን ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ/ጋ/ባርካ ሻምብቆ

ወ/ሮ ኑብያት ተኽለሚካኤል፡ በዓል ቤተይ መሓሪ ገርዝጊሄር ምካኤል ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሃጼን ኣርኣያ መብራህቱ፡ በዓል ቤተይ የማነ ገርዝጊሄር ምክኤል ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እንፍቅራ ኣዴና ሚዛን ገብረዝጊ ተከኤ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ካብ ግዜ ሕማማ ኣትሒዝኩም እናተመላለስኩም ብጸሎትን ሞራልን ዝበጻሕኩምን፡ ከምኡ'ውን ክሳብ ዓዲ ጸናፍ ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ኢመይልን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋና ነቕርብ።

ወዳ ዶ/ር ኣብርሃም ወልዱን
ብ/ቤቱ ዶ/ር ኣልማዝ ክንፈን
ምሉኣት ስድራቤትን

---

ብስም ስምኦን ሃይለሚካኤል ሕድራይ፡ ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ማይ ተመናይ ከባቢ ብርሃን ዓይኒ ዚፕ ኮድ 1A126 ጎደና 811 ቑጽሪ ገዛ 18 ስፍሓት መሬት 150 ት/ሜትሮ ዓይነት ህንጻ ተራ ገዛ ብዘሐ ክፍልታት 5 ቀንዲ ክፍሊ ተሓጋገዚ ክፍሊ 3፣ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለይ ቑጽሪ ንብረት 1BRASM015615/0 ብዕለት 31/07/2019 ዓ/ም ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ናብ ስም ወራሲት ጉኑት ስምኦን ሃይለሚካኤል ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ'ውን ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ። ተቓውሞ ምስ ዘይቀርብ ግን ጉዳዩ ከፈጸም ምዃነይ ኣፍልጥ።

ጉኑት ስምኦን ሃይለሚካኤል

---

ኣነ ኣቶ ተስፋልደት በርሀ መድህን ዝተበሃልኩ፡ ቤት ፍርዲ ብቑጽሪ መዝገብ 811/77 ወራሲ ምዃነይ ምስ ሓወይ ኣቶ የውሃንስ በርሀ መድህን ብዘረጋገጸለይ መሰረት፡ ነቲ ብውርሲ ዝረኸብክዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት/ገዛ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ "ኣስመራ" ዞባ "8" ምም "11" ጎደና "667" ዝርከብ ገዛ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 102207 መወከሲ ቑጽሪ 104053 ብስም ወረስቲ ነፍ/በርሀ መድህን ተስፋልደት 1.ኣቶ ተስፋልደት በርሀ መድህን 2.የውሃንስ በርሀ መድህንን ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ ናብ ስምና ምትሕልላፍ ክንገብረሉ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋልደት በርሀ መድህን

---

ንሕና ወረስቲ ነ/ሄር ኣብርሃጸየን ሃብቱ ገብረማርያም ምስ 2ተ ኣሕዋተይ፡ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ዚፕ ኮድ ዕዳጋ ዓርቢ 1A131 ጎደና 135-33 ቁ.ፓርሰል ASP00051620 ስፍሓት መሬት 88.00 ት/ሜ ቁ.ንብረት 6725/20 ቁ.ውዕል 6,725 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝኾነ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ራሄል የማነ በየነ

---

ኣነ ወ/ሮ ግደይ ሃይለ ብሩ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ናይ ቅድም መጸውዒ ጎደና "ኣርበኞች" ናይ ሕጂ ሓድሽ መጸውዒ ጎደና "ተጋደልቲ" ዝርከብ ዋንነት መረጋገጺ ግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ፡ ካብ ኮሚሽን ምጽራይ ኣባይቲ ኣስመራ ቁ.ምስክር ወረቐት 114138 መወከሲ ቁ.133992 ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛይ ንወደይ የናስ ሰሎሙን ፍስሓጸየን ብህያብ ስለዝሃብክዎ'ሞ ናብ ስሙ ከመሓላልፈሉ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ሃይለ ብሩ

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Project Mechanical Engineer**

**Department: Process Plant**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Project Engineer will specialize project execution and responsible for project engineering planning, procurement and execution of projects.

**MAIN FUNCTIONS**

- Assist the Project Superintendent to establish mechanical engineering packages, procedures, data collection methods, and performance standards within the boundaries of corporate policy.
- Prepare schedule and necessary updates for construction activities and analysis of manpower and equipment required.
- Create and administer appropriate testing protocols to monitor project performance.
- Communicate with supervisors and subcontractors promptly of any construction schedule changes and work closely with all stakeholders to ensure requirements are met.
- Maintain budgetary, scheduling, and project database oversight, and report regularly to Project Superintendent.
- Manage compliance, quality control, and quality assurance standards and specifications.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Provide engineering quality systems required for specific capital budgeting.
- Assist in cost and budget and schedule planning for engineering packages.

**Executing**

- Perform all quality checks, review and document as part of quality control protocols on all projects.
- Provide stage guidance for projects as far as mechanical engineering is concern.
- Perform and review adherence of QMS on projects by supervisors.

**Closure**

- Champion the preparation of all documentations as part of project handover.
- Formalize document storage procedures for on projects for all mechanical engineering scope.

| **Qualifications**: | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| ○ Recognized trade certificate in engineering.<br>○ Certification from an internationally recognized engineering body. | ○ At least 10 years of continuous experience in a similar role in a mining, engineering and construction background, Advance understanding in project engineering and project life cycle management, Ability to formalize engineering procedures, templates and structures on projects. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Proven working experience as a Project Engineer, Advanced MS Office skills, Familiarity with engineering rules, regulations, best practices and performance standards, Ability to work with multiple discipline projects, Project management and supervision skills | ○ Assertiveness, Good communication skills, Organized, Team player |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ የርዳኖስ ተስፋሂወት እስቲፋኖስ፡ በዓልቲ ቤተይ ኣቶ ግርማይ የውሃንስ ካብ ወርሒ. 05/2023 ደሃይ ስለዘይብሉ ኣነ ድማ ሞግዚትነት ናይ ጓልና ሰሊናን ግርማይ የውሃንስ ክወሃበኒ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ጎልጅ

ዝፋን ብርሃ ዓይቡ ምግሊ ተሪፉ፤ ዝፋን ብርሃ የዕበዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት በረኸትኣብ ገብረእግዚሄር ኣቦይ በረኸትኣብ ገብረእግዚሄር ገብሳ ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት ዝቃወም እንተሎ ን21/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

መድሃኔ ህዝትዝጊ ሃይሉ፡ ወለድና ህዝትዝጊ ሃይለን ብርኸቲ ብርሃን ስለ ዝዐረፉ፤ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/03 24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ሳዋ

ሳልሕ ኢብራሂም ስሌማን ምግሊ ተሪፉ፤ ሳልሕ መሓመድኢብራሂም ሱሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዞ/ደ/ቀ/ ባሕሪ ዓሰብ

ከሳሲት የሳን ዓንደማርያም ፡ ተኸሳሲ ሰዓረ ኣብረሃም መልኣከ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ ን22/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## Vacancy Announcement

The College of Business and Social Sciences **(CBSS)** at Adi Keih would like to recruit qualified candidates with a B.A. degree for the post of graduate assistantship **(G.A.) (from July 1, 2023 graduates only) in the following fields:**

| **№.** | **Field of Study** |
|---|---|
| **1.** | Accounting |
| **2.** | Economics and Finance |
| **3.** | English Language and Literature |
| **4.** | Law |
| **5.** | Library and Information Science |
| **6.** | Sociology and Anthropology |

Minimum Requirements:

1. A cumulative grade point average (CGPA) of 2.75.

Prospective applicants are invited to submit an application letter, CV and other relevant credentials to the **CBSS Dean's Office at Adi Keih** or **CBSS Liaison Office at University of Asmara;** no later than April 15, 2024.

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኤሪክሰን፡ ሕጉስ ከምዘየለ . . .

ክሪስቲያን ኤሪክሰን፡ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ጋንታኡ ማን ዩናይትድ ብዘወሃቦ ዘሎ ውሑድ ናይ ምስላፍ ዕድል ሕጉስ ከምዘይኮነ፡ ምስ ኣሰልጣኒኡ ኤሪክ ተን ሃግ ከኣ ከምዝዘራረበ ገሊጹ።

እዚ ዴንማርኻዊ ኣከፋፋሊ፡ ኣብዚ ወቕቲ 11 ግዜ ምስ ቀዳሞት ክሰለፍ እንከሎ፡ 10 ግዜ ከኣ ተቐዪሩ ኣትዩ። ቀንዲ ምኽንያት ዋሕዲ ምስላፍ ኤሪክሰን፡ ምምጻእ መንእሰይ ተጻዋታይ ካቢ ማይኖ ምዃኑ ከኣ ይግለጽ። እዚ ወዲ 19 ዓመት እንግሊዛዊ ኣከፋፋሊ፡ ቀዳማይ ምርጫ ተን ሃግ ኮይኑ ይርከብ። ኣብቲ ንሊቨርፑል 4-ብ3 ዝሰዓሩሉ ናይ ሰንበት ምሸት ናይ ኤፍኤ ካፕ ግጥም እውን፡ ኤሪክሰን ኣብ መበል 80 ደቒቕ ንማይኖ ቀይሩ ምእታዉ ይዝከር።

“ንተን ሃግ፡ በዚ ኩነታት ሕጉስ ከምዘይኮንኩን ብዝተኻእለ መጠን ክጻወት ከምዝደሊን ኣዘራሪበዮ እየ” ዝበለ ኤሪክሰን፡ “ንሱ (ንተን ሃግ እዩ) ማይኖ ጸቡቕ ይጻወት ከምዘሎን ዝተረፉ ኣከፋፈልቲ እውን ጸቡቕ ብቕዓት ከምዘርኣዩን፡ ስለ'ዚ ኣብዚ ቦታ'ዚ ውድድር ከምዘሎ ገሊጹለይ።” ኢሉ።



ኣብዚ እዋን ናብ ሃገራዊት ጋንታኡ ተጸምቢሩ ዘሎ ኤሪክሰን፡ እዚ ዘረብኡ'ዚ፡ ንናይ ጸወታ ግዜኡ ብዓቢኡ ከኣ ንመጻኢኡ ኣብዛ ጋንታ ክጽልዎ ደዩ ንምፍላጥ፡ ደሮ ንግዕዘናት ዜና ዕዮ ገዛ ፈጢሩለን ኣሎ። ሰሙናዊ 170 ሽሕ ፓውንድ ዝኽፈል ኤሪክሰን፡ ምስዛ ጋንታ ክሳብ ሰነ 2025 ዝጸንሐ ውዕል ኣሎዎ። ኣብዘን ዝሰዓበ ኣዋርሕ ናብ ምስላፍ ዕድሉ ውሑድ እንተኾይኑ ድማ፡ ንዓመታ ዝሓሸ ናይ ምጽዋት ዕድል ንምርካብ፡ ኣብ ክረምቲ እዛ ወቕቲ ክወጽእ እንተተደፋፊኡ ዘገርም ኣይኮነን እዩ።

## ፈረንሳ፡ ንግሪዝማን ከሲራቶ

ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ፡ ንወሳኒ ተጻዋታያ ኣንቶን ግሪዝማን፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ናይ ዓንኽር ዓንኻሪቶ መጉዳእቲ፡ ካብ መስርዓ ከምዝኣለየቶ ተሓቢሩ።

ግሪዝማን፡ ብደረጃ ሃገራዊ ውድድር ክብረ-ወሰን ዓለም ሓዚ ይርከብ - ብዘኸታታሊ ኣብ 84 ግጥማት ማልያ ሃገሩ ለቢሱ ብምጽዋቱ። እዚ ወዲ 32 ዓመት ተጻዋታይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ፡ ሰሪዚ መጉዳእቲ ግና፡ ድሕሪ ሕዳር 2016 ንፈለማ ግዜ እዩ፡ ካብዛ ሃገራዊት ጋንታ ዝኣለ ዘሎ። ግሪዝማን፡ ኣብ ሰነ 2017 ምስ እንግሊዝ ኣብ ዘዕደዎ ግጥም ኣብ መዝነር ተቐዪርቲ ኮይኑ ከሕልፎ ድሕሪ ምቕሳቡ፡ ክሳብ ዝሓለፈ ዓመት - ወርሒ ሕዳር፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 84 ተኸታተልቲ ግጥማት ሃገሩ ብምስላፉ እዩ ክብረ-ወሰን ሓዚ ዘሎ።

ዛጊት ኣብ 127 ኣህጉራዊ ግጥማት 44 ሸቶታት ንሃገሩ ዘርከበላ ግሪዝማን፡ ኣቐዲሙ ኣርባዕተ ግጥማት ክለቡ ኣትሌቲኮ ከሲሩ እዩ። ዝሓለፈ ሰሙን ናብ ጸወታ ተመሊሱ፡ ኣብ ውሳኒ መድረኽ ናይ 1-ብ0 ስዕረት ብኢንተር ሚላን (ኣብ ሻምፕዮን ሊግ) ኣብ ምቕልባስ ግና ልዑል ተራ ተጻዊቱ። ኣትሌቲኮ፡ ብፍጹም ቅላዕ ናብ ርብዒ ፍጻመ ምሕላፋ ይዝከር። ይኹን'ምበር፡ ሰንበት ምሸት ብባርሴሎና 3-ብ0 ኣብ ዝተሰዓሩሉ ጸወታ፡ ኣብ ዕረፍቲ ተቐይሩ ክወጽእ ተቐሲቡ እዩ።

“ግሪዝማን ዘይትካእ ኣይኮነን፡ ግን ከኣ ኣገዳሲ እዩ” ዝበለ ኣሰልጣኒ ፈረንሳ ዲደር ዲሻምፕ፡ ቦታኡ ብኣከፋፋሊ ላዚዮ ማቲዮ ጉንዶዚ ተኪእዎ ኣሎ። ወዲ 24 ዓመት ጉንዶዚ፡ ንመወዳእታ ግዜ ማልያ ሃገሩ ዝለበሰሉ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ንቱኒዝያ 1-ብ0 ኣብ ዝሰዓሩሉ ጸወታ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ፈረንሳዊ ሓላዊ ልዳት ኤሲ ሚላን ማይክ ማኛን እውን ብሰንኪ መጉዳእቲ ምስላፉ ኣጠራጣሪ ምዃኑ ይግለጽ። ኣሰማን ደምበለ ከኣ፡ ካብ መጉዳእቱ ኣብ ምሕዋይ ይርከብ። ኣንድሬን ራቢዮት፡ ሉካስ ሀርናንደዝን ኢብራሂማ ኮናተን ድማ፡ ክጽምበርዎ ተተሲፎም ኣሎ - ዲሻምፕ። ፈረንሳ፡ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ክልተ ምሕዝነታዊ ግጥም ይጸብያ፡ ሰንበት 24 መጋቢት ምስ ጀርመን፡ 27 መጋቢት ከኣ ምስ ቺሌ።

## ሮቢንዮ፡ ንኢጣልያ ይወቅስ

ብራዚላዊ ናይ ቀደም ተጻዋታይ ኤሲ ሚላን - ሮቢንዮ፡ “ብዓመጽ ዝተፈረደኩሉ ምኽንያት፡ ኢጣልያ ዓሌታዊት ብምዃና እዩ፣ ጻዕዳ እንተዝኸውን ነይረ ግና ናጻ ምተበሃልኩ” ኢሉ፡ ነዛ ኤውሮጳዊት ሃገር ወቒሱ።



ኣብዚ እዋን ወዲ 40 ዓመት ኮይኑ ዘሎ ሮቢንዮ፡ ንኣርባዕተ ዓመታት - ካብ 2010 ክሳብ 2014፡ ኣብ ሰሪ'ኣ ብማልያ ኤሲ ሚላን ምጽዋቱ ይዝከር። ኣብዛ ሃገር እንከሎ ከኣ፡ ኣብ 2013 ምስ ሪጋርዶ ፋልኮ ዝተባህለ ዓርኩ፡ ኣብ ሓደ ለይታዊ ትልሂት ንሓንቲ ኣልባንያዊት ጓል ኣንስተይቲ ከምዝዓመጹ ተኸሲሶም።

እዞም ኣዕሩኽ፡ ነቲ ጉዳይ ምስታ ጓል ኣንስተይቲ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ከምዘፈጸምዎ እዮም ሓቢሮም። ናይ ድምጺ መርትዖ ከምዝረኸበ ዝሓበረ ፖሊስ ኢጣልያ ግና፡ ካብ ድሌት እታ ጓል ኣንስተይቲ ወጻኢ ምንባሩ እዩ ኣፍሊጡ። በዚ ከኣ፡ ቤት ፍርዲ ኢጣልያ፡ እቲ ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ንትሸዓተ ዓመታት ክእሰር፡ ኣብ ጥሪ 2022 ውሳነ ኣሕሊፉ።

ዛጊት ግና፡ ሮቢንዮ፡ ኣይተኣሰረን ዘሎ - ምኽንያቱ፡ ሃገሩ ብራዚል ገበነኛ ኣሕሊፋ ናይ ምሃብ ስምምዕ ምስ ኢጣልያ ስለዘይብላ። ይኹን'ምበር፡ ቤት ፍርዲ ብራዚል፡ ኣብ ሃገሩ ክእሰር ዝኽእል እንተኾይኑ ነቲ ጉዳይ ይርእዮ ምህላዉን ለሚ ረቡዕ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ከምዝቐርቦ ይግለጽ።

ሮቢንዮ፡ ድሕሪ'ቲ ሰንበት ኣብ ሰሪ'ኣ ዛዕባ ዝኸፈተ ዓሌታዊ ኣድልዎ፡ ትማሊ ምስ ሓንቲ ጋዜጣ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-ምልልስ እዩ፣ ፍርዱ ዓሌታውነት ዝደፋፍኦ ምዃኑ ዝገለጸ። ንሱ፡ “ኣብ ኢጣልያ ብዘይ ፈጸምክዎን ብዘይ ፍትሓዊ መገዲን እየ ተፈሪደ። ከምዘይፈጸምክዎ ዘርኢ መርትዖ እውን ኣለኒ።” ኢሉ።

“ኣብ ኢጣልያ ንኣርባዕተ ዓመታት ተጻዊተ እየ፣ ዓሌትነት ምርኣይ ኣድኪሙኒ እዩ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ከኣ ሕጂ'ውን ኣጋጢሙ ኣሎ። ኣብ 2013 ዘጋጥም ዝነበረ፡ ሕጂ ኣብ 2024 እውን የጋጥም ኣሎ። ብሓፈሻ፡ ኣነ ጻዕዳ እንተዝኸውን ነይረ፡ ብዘይጥርጥር ፍርደይ ፍጹም ዝተፈልየ ምኾነ።” ይብል ሮቢንዮ።

ኣብ ሰሪ'ኣ ኢጣልያ፡ ዓሌታዊ ኣድልዎ ሱር ዝሰደደ ምዃኑ ይግለጽ፣ ዝሓለፈ ሰንበት'ውን ንሓደ ጸሊም ተጻዋታይ ግዳይ ገይሩ ኣሎ። ናፖሊ፡ ናብ ኢንተር ሚላን ገይሻ 1-ብ1 ኣብ ዝተፈላለየትሉ ጸወታ፡ ተኸላኻሊኣ ፍራንቸስኮ ኣሰርቢ፡ ኣብ ልዕሊ ብራዚላዊ ጸሊም ተጻዋታይ ናፖሊ ኩዋን ጀሰሰ ዓሌታዊ ግህሰት ከምዘውረደ እዩ ዝሕበር ዘሎ። ወላ'ኳ ኣሰርቢ፡ ዘኾነ ዓሌታዊ ቃል ከምዘየውጽአ እንተሓበረ፡ ካብ'ቲ ሃገራዊት ጋንታኡ ኢጣልያ እተካይዶ ጸወታታት (ኣብዘን ዝመጽኣ መዓልታት ምሕዝነታዊ ጸወታታት ክተካይድ እያ) ግና ተኣልዩ ኣሎ።

## ማድሪድ፡ ንዳኛ ትኸስስ

ሪያል ማድሪድ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ቀዳም ንኦሳሱና 4-ብ2 ዝሰዓረሉ ጸወታ፡ ማእከላይ ዳኛ ዝነበረ ኩዋን ማርቲነዝ ኮሳ ኣሉ ንዓሌታዊ ኣድልዎ ተጻዋታያ ቪንሰየስ ጁንየር ብዕሸሽታ ከምዝሓለፎ ብምግላጽ፡ ወግዓዊ ክሲ ኣቕሪባትሉ።

ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻዋትቲ ዓለም ዝኾነ ቪንሰየስ፡ ናብ እስጳኛ ካብ ዝመጽእ ንደሓር፡ ብተደጋጋሚ ግዳይ ዓሌታዊ ግህሰት ከምዝኾነ ይፍለጥ፣ ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት። ኣብዛ ክልተ ሸቶታት ዘመዝገበላ ናይ ቀዳም ጸወታ እውን፡ ሰሪ ሕብሪ ቆርበቱ ግዳይ ካብ ምዃን ኣየዕረፈን።

ማርቲነዝ ነቲ ናብ ቪኒሰየስ ዝቐንዐ ጸርፊን ዘቖጥዕ ድምጽን ደገፍቲ ኦሳሱና፡ ደይ መደይ ኣሉ ከምዘይመዝገቦ፡ ማድሪድ ከሲሳቶ ኣላ። ብዘይካ'ዚ፡ ንተጻዋታያ ግዳይ ዝገበር ዘሎ ዓሌትነት ንምጥፋእ ኣገዳሲ ስጉምቲ ክወሰድ ከምዘለዎ ዝሓበረት እዛ ክለብ፡ ንዓሌትነት፡ ምፍልላይን ጽልኢን ደጊማ ከምእትኹንኖ፡ ኣብቲ ዘውጽኣቶ መግለጺ ኣፍሊጣ።

መራሒት ላ'ሊጋ ዘላ ሪያል ማድሪድ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ'ውን ኑየም ናብ ቪንሰየስ ዝቐንዐ ተመሳሳሊ ተግባር ዝፈጸሙ ደገፍቲ ኣትሌቲኮ ማድሪድን ባርሴሎናን ክሲ መስሪታትሎም እያ። ዝሓለፈ ሰሉስ ባርሳ ኣብ ሜዳኣ ኣንጻር ናፖሊ፡ ንጽባሒቱ ከኣ ኣትሌቲኮ ኣብ ሜዳኣ ኣንጻር ኢንተር ሚላን ኣብ ዝነበረን ጸወታ፡ ደገፍተን በዚ ሕማም ርእሲ ጸለምቲ ተጻወትቲ ዝኾነ ግዳይ ነዚ ብራዚላዊ ከምዝለዓልዎ ይግለጽ።



## ዜና ብሓጺሩ

* ምስ ጋንታኡ ኣርሰናል ዘለዎ ውዕል ኣብዚ ወቕቲ ዚበቅዕ ሰድሪክ ሶኣረሰ፡ ኣብ ክረምቲ እዛ ዓመት ብናጻ ክፋኖ ምዃኑ ተፈሊጡ።

ብዙሓት ክለባት ኤውሮጳ፡ ነዚ ኣብ ኣርሰናል ሰሙናዊ 75 ሽሕ ፓውንድ ዝኽፈል ዘሎ ፖርቱጋላዊ ተኸላኻሊ ንምፍራም እውን ተገዳሰነት ኣርእየን ምህላወን ምንጪታት ሓቢሮም።

* ናይ ቀደም ኣሰልጣኒ ማርሴ ኢጎር ቱዶር፡ ንቦታ ማውረሲዮ ሳሪ ብምትካእ፡ ኣሰልጣኒ ኢጣልያዊት ክለብ ላዚዮ ኮይኑ ተመዚዙ።

ኣቐዲሙ ኣብዚ ሊግ ንኡዲኒዘን ቬሮናን ዓሊሙ ዝነበረ ቱዶር ከኣ፡ ክሳብ ሰነ 2025 ክመርሓ ፒርማ ወረቐትን ኣራኺቡ ኣሎ።

ኢጣልያዊ ዓላሚ ማውረሲዮ ሳሪ፡ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ሓሙሻይ ስዕረት ካብ ሸዱሽተ ግጥማት ድሕሪ ምስናዱ እዩ መዚኡ ከምዝገደፈ ዘፍለጠ። ተሓጋጋዚኡ ጂዮቫኒ ማርቱስሴሎ ከኣ፡ ቀዳም ንፍሮሲኖን 3-ብ2 ኣብ ዝሰዓሩሉ ጸወታ መሪሕዋ ኣትዩ።

* ቪክቶር ኦሲመን፡ ብሰሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ናብ ሃገራዊት ጋንታኡ ናይጀሪያ ከምዘይከይድ፡ ክለቡ ናፖሊ ኣፍሊጣ።

ኦሲመን፡ ብሰንኪ እቲ ዝደገሶ መጉዳእቲ፡ ኣብቲ ምስ ኢንተር ሚላን 1-ብ1 ዝተፈላለዩሉ ናይ ሰንበት ምሸት ጸወታ ኣይተሰለፈን።

* ኣሰልጣኒ ፈረንሳ ዲደር ዲሻምፕ፡ ውሑድ ናይ ጸወታ ግዜ ኣጥቃዓዩ ኪይላን ምባፐ፡ ንሪብሓኦም ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጹ።

ምባፐ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ገለ ሳምንታት፡ ብክለቡ ፒኤስጂ ውሑድ ናይ ጸወታ ግዜ ከምዝተዋህቦ እዩ ዝግለጽ። ምስ ኣሰልጣኒኡ ሉዊስ ኤንሪከ ከምዘይተቓደወ እውን ዝግለጽ እዚ ፈጣን ኣጥቃዓይ፡ ድሕሪ 21 ለካቲት ኣብ ሰለስተ ግጥማት ጥራይ እዩ ምሉእ 90 ደቒቕ ተጻዊቱ።

ይኹን'ምበር፡ ብዓይኒ ዲሻምፕ፡ ዋሕዲ ጸወታ ምባፐ ነታ ንውድድር ዩሮ 2024ን ግጥማት ኦሎምፒክን እትዳሎ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ጸቡቕ ዜና ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጹ። “ንዓቢ ውድድር፡ ኣካላትካ ተሓዲሱ ክመጽእ ኣገዳሲ እዩ። ተጻወትቲ ኣብ መወዳእታ ዓመት-ስፖርት ድኻም እዩ ዝስምዖም።” ኢሉ፡ እዚ ድኻም'ዚ ብገለ መጠኑ ክጎድል ጸቡቕ ምዃኑ ኣረዲኡ።

## ቅንጥብጣብ

* ኣብ ማን ዩናይትድ ናይ 25 ሚእታዊት ብርኪ ግዚኡ ዘሎ ሰር ጂም ራትክሊፍ፡ ንቦታ ኣሰልጣኒ ተን ሃግን ንምትካእ፡ ቀዳማይ ምርጫኡ ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጋረዝ ሳውዝጌት ገይሩዎ ምህላዉ ምንጪታት ሓቢሮም።

* ኢደን ሃዛርድ፡ ብኢጋኡ ካብ ከዕሶ እግሪ ጥሮታ ምውጽኡ ከምዝተጣዕሶ ገሊጹ። ኣብ 2019 ናብ ማድሪድ ድሕሪ ምስግጋሩ ብመጉዳእቲን ምስኡ ብዝተኣሰሩ ጉዳያትን ብቕዓቱ ባይታ ዝዘበጠ ሃዛርድ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዓመታት ሸውዓተ ሸቶታት ጥራይ ኣመዝገበ። ዝሓለፈ ዓመት - ወርሒ ሕዳር ኣብ መበል 32 ዓመቱ ጥሮታ ዝወጸ ሃዛርድ፡ ነዚ ዘይዕወት ምዃኑ ዝገለጸ ጉዕዞ'ውን ዝበለጸ ተዘክሮ ናይ ጸወታ ግዜኡ ምዃኑ የረድእ።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ተወዲቡ ኣብ መንጎ 7 ንኡሳን ዞባታት ዝካየድ ዘሎ ስፖርታዊ ግጥማት ኣብያተ ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ፡ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ብጸወታታት ኩዕሶ እግርን ኩዕሶ መርገብን ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ቀይሕ ባሕሪ ቀጺሉ ወዒሉ።



ብመሰረት ካብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ ኣብ ግጥም ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ መባእታ ክሊ ዕድመ 10ን 11ን ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ቤት ትምህርቲ ጎዳይፍ/ ንንእሱ ዞባ በሪኽ /ጹዱዱ/ 1-0 ክትስዕራ እንከላ፡ ንእሱ ዞባ ጋሽ ባርካ /ቤት ትምህርቲ ዓዲ ቀ/ ምስ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሕወየት/ 1-1፣ ንእሱ ዞባ ሰረጃቓ /በለዛ/ ከኣ ምስ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ኣስሙድ/ ማዕረ 0-0 ተፈላልየን።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ኣስሙድ/ ንንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ዓዲ ሰገዶ / 2-0፣ ንእሱ ዞባ ጋሽ ባርካ /ዓዲ ጓዕዳድ/ ንንእሱ ዞባ ሰረጃቓ /እምባደርሆ/ 7-0፣ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ማንጎ 24/ ድማ ንንእሱ ዞባ በሪኽ /ጹዱዱ / 1-0 ብዘይኮነ ወጽኢት ተዓዊተናለን።

ኣብ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ማእከላይ ደረጃ ክሊ ዕድመ 12ን 13ን ደቂ ኣንስትዮ፡ ንእሱ ዞባ ሰረጃቓ /እምባደርሆ/ ንንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ፍትሑ/ 1-0፣ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሓደኾት/ ንንእሱ ዞባ ጋሽ ባርካ /ከበሳ ጭዋ/ 5-0 ክስዕረአን ከለዋ፡ ንእሱ ዞባ በሪኽ /ተከለ ዓንበ/ ከኣ ምስ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኣዱሊስ/ 0-0 ተፈላሊየ።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ንእሱ ዞባ በሪኽ /ቁሸት ጸዕዳ እምባ/ ንንእሱ ዞባ ጋሽ ባርካ /ዓዲ ጓዕዳድ/ 2-0፣ ንእሱ ዞባ ደቡባ ምዕራብ /ሓደኾት/ ንንእሱ ዞባ ሰረጃቓ /እምባ ደርሆ/ 4-0፣ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ዓወት/ ድማ ንንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ባሕቲ መስከረም/ 3-1 ብዘይኮነ ወጽኢት ተዓዊተናለን።

ኣብ ማእከላይ ደረጃ ኩዕሶ መርገብ ደቂ ኣንስትዮ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ባሕቲ መስከረም/ ንንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሓደኾት/፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኣዱሊስ/ ንንእሱ ዞባ በሪኽ /ተከለ ዓንበ/፡ ንእሱ ዞባ ጋሽ ባርካ /ሕምብርቲ/ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ደምበ ሰምበል/ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-0 ብዘይኮነ ወጽኢት ተዓዊተናለን ኣለዋ። ኣብ ተመሳሳሊ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ፡ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ / ደምበ ሰምበል/ ንንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሰምበል/፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኣዱሊስ/ ንንእሱ ዞባ በሪኽ / ሚናበ ዘርኣይ/ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-0 ክረትዕአን እንከለዋ፣ ንእሱ ዞባ ጋሽ ባርካ /ዓዲ ጓዕዳድ/ ድማ ንንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ባሕቲ መስከረም/ 2-1 ሰዒራታ።

ኣብ ውድድር ኩዕሶ ሰከቦት ማእከላይ ደረጃ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ባሕቲ መስከረም/ ንንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ፍረ ሰላም/ 56-23፡ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሓደኾት/ ንንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኣዱሊስ/ 22-12 ክዕወታለን እንከለዋ፣ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ባሕቲ መስከረም / ንንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኣዱሊስ/ 38-27፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ባሕቲ መስከረም/ ንንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ዓወት/ 40-30 ብዘይኮነ ወጽኢት ተዓዊተናለን።

ብዚ መሰረት፡ ንፍርቂ ፍጻመ ዝሓለፉ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣብ መባእታ ብኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሕወየት/፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኣሪፋይል/፡ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ጎዳይፍ/ን ንእሱ ዞባ ጋሽ ባርካ /ዓዲ ቀ/ን ክኾና ከለዋ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ንእሱ ዞባ ጋሽ ባርካ /ዓዲ ጓዕዳድ/፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ላልምባ/፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ኣስሙድ/ን ንእሱ ዞባ በሪኽ /ቁሸት ጹዱዱ/ን ኮይነን ኣለዋ።



ኣብ ማእከላይ ደረጃ ክሊ ዕድመ 12ን 13ን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምዕራብ /ሓደኾት/፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኣዱሊስ/፡ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ዓወት/ን ንእሱ ዞባ ሰረጃቓ /እምባ ደርሆ/ን ናብ ፍርቂ ፍጻመ ክሓልፋ ከለዋ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ዓወት/፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ሞዴል/፡ ንእሱ ዞባ በሪኽ /ቁሸት ጹዱዱ/ን ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ /ባሕቲ መስከረም/ ሓሊፈን ኣለዋ።

ኣብ ኩዕሶ መርገብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንእሱ ዞባ ጋሽ ባርካ /ሕምብርቲ/፡ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ደምበ ሰምበል/፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኣዱሊስ /ን ንእሱ ዞባ ሰረጃቓ /ርእሲ ዓዲ/ን ናብ ግጥማት ፍርቂ ፍጻመ ዝሓለፉ ጋንታታት ክኾና ከለዋ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ ንእሱ ዞባ ጋሽ ባርካ /ዓዲ ጓዕዳድ/፡ ንእሱ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ /ደምበ ሰምበል/፡ ንእሱ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ /ኣዱሊስ/ን ንእሱ ዞባ ሰረጃቓ /ርእሲ ዓዲ/ን ናብ ዝቐጽል ውድድር ሰጊረን ኣለዋ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይ ርብዒ ፍጻመ ግጥም ኩዕሶ እግሪ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ'ውን ዝሓለፈ ሰንበት ቀጺሉ ነይሩ። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣስመራ ሓፈሻዊ ንቀይሕ ባሕሪ 1-0 ክረትዕአን ከለዋ፡ ባርካ ንሰምበል ሓላይ ንሓርነት ከኣ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-1 ሰዒረንአን። ብዘይካ'ዚ፡ ኢሳቕ ተወልደ መድህን ንደንደን ብፍጹም ቅላዕ መቕጸዕቲ 7-6 ረቲዓታ ኣላ። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ቀይሕ ባሕሪ ንኣስመራ ሓፈሻዊ 4-1፡ ባርካ ንእምባዛ 2-1፡ ደንደን ንኢሳቕ ተወልደ መድህን 1-0፡ ልምዓት ከኣ ንሓላይ ብፍጹም ቅላዕ መቕጸዕቲ 6-5 ከም ዝሰዓርአን ተፈሊጡ ኣሎ።

## ኣትለት ፍትሓዊ፡ ሃገራዊ ክብረ-ወሰን ሰይሩ

ኣብ መበል 13 ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ትሳተፍ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ፡ ትማሊ ምሸት ኣብ ዝተኻየደ ናይ 800 ሜትሮ ናይ መጻረዪ ውድድር ብሉጽ ወጽኢት ከም ዘመዝገበት ኣብ ከተማ ኣክራ




ዝርከቡ ወከልቲ ሚኒስትሪ ዜና ኤፍሬም መኮንንን የውሃንስ ሙብራህቱን ሓቢሮም።

ኣብዚ ናይ መጻረዪ ውድድር ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወኪሉ ዝተሳተፈ ኣትሌት ፍትሓዊ ዛይድ፡ ንመወዳድርቱ ብዘደንቕ ብቐዓት ራሕሪሑ ቀዳማይ ኮይኑ ብምዕዋት'ዩ ናብ ዝቕጽል ናይ ፍጻመ ጸወታ ክሓልፍ በቒዑ ዘሎ። እዚ ኣትሌት ኣብዚ ውድድር ዝሃረሞ 1 ደቒቕ፡ 45 ካልኢትን 90 ንእሱ ካልኢትን ሃገራዊ ክብረ-ወሰን 800 ሜትር ኮይኑ ተመዝጊቡሉ ኣሎ። ከም ኣሰልጣኚ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኮይኑ ናብ ከተማ ኣክራ ኣምሪሑ ዘሎ ዓብደልከሪም መሓመድ፡ ወናኒ ሃገራዊ ክብረ-ወሰን 800 ሜትር ኮይኑ ምንባሩ ሰነዳት ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ይሕብሩ።

ኣትሌት ፍትሓዊ ዛይድ፡ ኣብዚ ናይ መጻረዪ ውድድር ዘርኣዮ ፍጥነትን ርእሰ ተኣማንነትን ሎሚ ኣብ ዝካየድ ናይ 800 ሜትር ናይ መዛዘሚ ውድድር ሓደ ካብ ተጠመትቲ ኣትሌታት ክኸውን ክኢሉ ከም ዘሎ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ የረድእ። እዚ ኣትሌት፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዛምብያ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ትሕቲ ዕድመ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ኣፍሪቃ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ኮይኑ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ሎሚ ዓመት ናብ ተወዳደርቲ ኣለት ሰጊሩ ኣብ ቦኽሪ ኣህጉራዊ ውድድሩ ከምዚ ዓይነት ወጽኢት ምምዝጋቡ ድማ ናእዳ ዝግብኦ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ግጥማት መላእ ኣፍሪቃ ተሳቲፋ መዳልያታት ዝሓፈሰት ሃገራዊት ጋንታ ቀድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ሎሚ ሰዓት 11:00 ቅድሚ ቀትሪ ናብ ሃገራ ክትምለስ ምኻና ተፈሊጡ ኣሎ። እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ሎሚ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ወግዓዊ ናይ ምቕባል ስነስርዓት ክካየደላ እዩ። ሃገራዊት ጋንታ ቀድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ብድምር 19 መዳልያታት ከምዝሓፈሰት ኣይርሳዕን።

## ቅነ ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ይቕጽል

ኣብ መንጎ ሸውዓተ ጋንታታት ዝካየድ ዘሎ ስፖርታዊ ግጥማት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ዝሓለፈ መዓልታት'ውን ብውዕዉዕ ስፖርታዊ ግጥም ቀጺሉ ከም ዝወዓለ ካብ ቤት ጽሕፈት ኀበረሰብን ሓበሬታን ናይቲ እዚ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ትማሊ ዝተሰላሰለ ጸወታ፡ ፈለማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ብደሃን ቶኮርን እየን ተራኺበን። ብደሃ ድማ ቤታ ብሉጽ ብቕዓት ኣብ ምንጽብራቕ እትርከብ ዞላ ኮኹብ ተወልደ ኣብ 7ይ ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሸቶ ተዓዊታ ክትወጽእ ክኢላ ኣላ። ኣብ ናይ ደቂተባዕትዮ ጋንታታት ባርዕን መድሕንን እየን ተጻዊተን። ኣብ ናይ ቅድሚ ዕረፍቲ ጸወታ ብዙሓት ኮዓሳሱ ናብ ልዑት ክልቲአን ጋንታታት'ኳ እንተተላእኩ፡ ዝተመዝገበ ሸቶ ግን ኣይነበረን። ሓያል ምትህልላኽ ኣብ ዝተዓብለሎ ናይ ድሕሪ ዕረፍቲ ጸወታ ግን ተጻዋታይ ጋንታ ባርዕ ነቢል መሓመድ ሸቶ ብምምዝጋብ ንጋንትኡ መሪሕነት ኣትሒዞዋ። ኣብ መበል 49 ደቒቕ፡ ኣሕመድ ከሊፋ ካልኣይቲ ሸቶ ብምምዝጋብ ንወጽኢት ጋንታኡ ክብ ኣቢሉ። ድሒርም ዝተበራበረ ተጻወትቲ መድሕን ኣብ መበል 78 ደቒቕ ብቃና ሙልጌታ ኣብ 89 ደቒቕ ድማ ብዩኤል ዳኒኤል ሸቶ ብምምዝጋብ ተመጣሪርየም ነጥቢ ተማቒሎም ክወጽኡ ክኢሎም።

ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝተሰላሰለ ጸወታታት ክልቲኦ መርገብ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣልጌን ንዓላ 2-0 ክትረትዓ እንከላ፡ ኣብ ናይ ደቂተባዕትዮ ኾኣ ብደሃ ንቶኮር 3-0 ኣፋንያታ።

ብ13 መጋቢት ኣብ ዝተሰላሰለ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ኣብ ናይ ደቂኣንስትዮ መድሕን ምስ ዓላ እየን ተራኺበን። እቲ ብዘሎሉ ምንቅስቓስ ዝጀመረ ጸወታ፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ዝተመዝገበ ሸቶ ኣይነበረን። ድሕሪ ዕረፍቲ ቅዱ ጸወታኣን ቀይረን ዝኣተዋ ተጻወትቲ ዓላ ኣብ መበል 56 ደቒቕ ብመንገዲ ሳንድራ መርሃዊ ሸቶ ብምቕጻር 1-0 ተዓዊተን ክወጽኣ ክኢለን። ሰዒቡ ኣብ ዝቐጸለ ናይ ደቂተባዕትዮ ግጥም፡ ዓዲሮሶ ምስ ቶኮር እያም ጸወታኦም ኣካይዶም። ጽዑቕ ፈተነታት ኣብ ዝተኻየደሉ ናይ ቀዳማይ እብረ ጸወታ ብዘይሸቶ'ዩ ተወዲኡ። ድሕሪ ዕረፍቲ ክልቲኦም ሓይሎም ንምጒዳ ብምእታው ቅልጡፍ ጸወታ'የም ኣካይዶም። ኣብ መበል 77 ደቒቕ ድማ ተጻዋታይ ዓዲ ሮሶ ሓበን ግርማይ ሸቶ ብምቕጻር ጋንትኡ 1-0 ተዓዊታ ከም ትወጽእ ገይሩ።

ኣብቲ ዕለት ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ኩዕሶ መርገብ፡ ኣብ ናይ ደቂኣንስትዮ ብደሃ ምስ ዓዲ ሮሶ ክራኸባ እንከለዋ፡ ዓዲ ሮሶ ድማ 2-1 ተዓዊተን። ኣብ ናይ ደቂተባዕትዮ ከኣ ባርዕ ምስ መድሕን ኣብ ዝካየደዎ ጸወታ፡ ጋንታ ባርዕ 3-1 ረቲዓዎም።



# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ብራዚል - ብረስኒ ‘ደንጊ’ ብውሕዱ 560 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ብራዚል ብመንከስቲ ጣንጡ ብዝመሓላለፍ ረስኒ ደንጊ፡ ኣብዚ ዓመት ጥራሕ ብውሕዱ 560 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 1.8 ሚልዮን ሰባት ድማ በቲ ሕማም ከም ዝተለኽፉ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን።

በዚ ምኽንያት’ዚ፡ ኣብታ ዝዓበየት ከተማ ብራዚል ዝኾነት ሳኦ ፓውሎ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ህጹጽ ናይ ሓደጋ መጠንቀቕታ ከም ዝተዋህበ ተፈሊጡ ኣሎ።



ኣብ ብራዚል ኣብዘን ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ጥራሕ ዝተመዝገበ መጠን መልከፍቲ፡ ምስቲ ኣብ ምሉእ ዓመት-2023 ዝተመዝገበ መጠን መልከፍቲ ክጻጸር እንከሎ፡ እቲ ኣሃዝ ብኣስታት 2 ሚልዮን ከም ዝዘወሰኸ እዩም ጸብጻባት ዝጠቕሱ።

ሕማም ‘ደንጊ’፡ ከም ዩም ብመንከስቲ ጣንጡ ዝመሓላለፍ ከም ቺኩንጉንያን ዓሶን ዝኣመሰሉ ተመሳሳሊ ሕማማት፡ ቅልጡፍ ናይ ምልባዕ ባህሪ ስለ ዘለዎ፡ ዜጋታት ኣቐዲሞም ጥንቃቐታቶም ክሐይሉ እዮም ክኢላታት ሕክምና ዝጽውዑ።

ሕማም ደንጊ ኣብተን ከም ብራዚልን ፔሩን ዝኣመሰላ ንምርባሕ ጣንጡ ምቹኣት ዝኾና ሃገራት ደቡብ ኣመሪካ፡ ኣብ ኣሰካፊ ደረጃ በጺሑ ከም ዘሎ እዮም ጸብጻባት ዝመልክቱ።

## ናይጀርያ - ዕጡቓት ልዕሊ 100 ሰባት ጨውዮም

ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ናይጀርያ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት፡ ቁልዓሰበይቲ ዝርከቡዎም ልዕሊ 100 ሰላማውያን ሰባት ከም ዝጨወዩ፡ ሰበመዚ ጸጥታ እታ ሃገር ብሰሉይ ኣብ ዘወጽእዎ መግለጺ ሓቢሮም።

ኣብታ ሃገር ንዝጨወይዎም ሰባት ናጻ ንምልቃቕ መባድልቲ ዝሓተቱ ዕጡቓት ሳዕረርም ከም ዘለዉ ዝገለጹ እቶም ሰበ-መዚ፡ ኣብታ ሃገር መዓልታዊ ቁጽሮም ብርክት ዝበሉ ሰላማውያን ሰባት ብተደም ዕጡቓት ከም ዝጭወዩ ኣፍሊጦም።

እቲ ተግባራት ጨውያ፡ ንሰበመዚ ናይጀርያ፡ ካብ ቁጽጽሮም ወጺኡ ኮይንዎም ከም ዘሎ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኣብ ዝተፈላለያ ዓድታት ቁጽሮም ብጽጹር ዘይተገልጹ ኣባላት ሰራዊት ተዋፊሮም ከም ዘለዉ ገሊጾም።



ናይጀርያ፡ ኒጀር፡ ጫድን ካሜሮንን ኣብ ርእሰ’ቲ ብበወከን ኣንጻር ሸበራውያን ዘካይዳኦ ስርሒታት፡ ካብ 2015 ኣትሒዙ እውን ኣንጻር ሸበራ ዝቖመ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ወፍርታት የካይዳ ከም ዘለዋ ይግለጽ።

እንተኾነ ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት፡ ኣብዘን ሃገራት ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰላማውያን ሰባት ብዕጡቓት ከም ዝተጨወዩ ዝተፈላለዩ ወገናት ይገልጹ።

ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ንዘርኦ ዘሎ ሸበራዊ ምንቅስቓስ ንምግታእ ዝግበር ዘሎ ጉዳማዊ ምትእትታው፡ ዛጊት ዝጥቀስ ኣበርክቶ ክገብር ከም ዘይደኸንሐ እዮም እቶም ወገናት ብተወሳኺ ዝሕብሩ።

## ዝምድና ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ይብኢስ

ዝሓለፈ ሰሙን ፓኪስታን ኣብ ልዕሊ ኣፍጋኒስታን ናይ ኣየር መጥቃዕቲ ብምኽያድ፡ ቁልዓ ሰበይቲ ዝርከቡዎም ብውሕዱ 8 ሰላማውያን ሰባት ከም ዝቐተለት መንግስቲ ጣሊባን ድሕሪ ምኽሳሱ፡ ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ይብኢስ ከም ዘሎ ተገሊጹ።

ፓኪስታን ነቲ መጥቃዕቲ ከም መልሰ ግብሪ ናይቲ ዝሓለፈ ቀዳም 7 ወተሃደራታ ዝለከመ ርእሰቅትለታዊ ግብረ-ሸበራዊ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመቶ እያ ትጠቕስ ዘላ።

እንተኾነ ጣሊባን እቲ ብፓኪስታን ዝተኻየደ ደብዳብ ከቢድ ብረት ኣብ ልዕሊ መንበሪ ሰላማውያን ሰባት ከም እተፈጸመ ብምሕባር፡ ዝኸፍአ ማዕዘ ከምጽእ ከም ዝኽእል ኣተንቢሁ ኣሎ።

ጣሊባን ብወገኑ ከም መልሰ-ግብሪ ናይቲ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ፓኪስታን ደብዳብ ከም ዝፈጸመ እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝሕብሩ።

ፓኪስታን ነቲ ብጣሊባን ተፈጺሙ ዝተባህለ መጥቃዕቲ ኣመልኪታ ዛጊት ዝሃቦ መግለጺ የለን።

ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ኣብ ናይ ሓባር ዶባተን ብዝካየድ ተደጋጋሚ ሸበራዊ መጥቃዕቲታት ንሓድሕደን ክወቓቐሳ ምጽንሐን ይግለጽ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ መንግስቲ ፓኪስታን ሕጋዊ መንበሪ ፍቓድ የብሎምን ንዝበሎም ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣፍጋናውያን ካብ ሃገሩ ምስጓጉ፡ ንብዙሓት ኣፍጋናውያን ቁጥዐ ምፍጣሩ ዝዝከር እዩ።

ኣብ መንጎ ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን ዝጸንሐ ወጥሪ፡ ኣብ 2021 ስርዓት ጣሊባን ንኣፍጋኒስታን ምሉእ ብምሉእ ድሕሪ ምቊጽጻሩ ብፍላይ፡ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ምብጽሑ እዮም እቶም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ኣመሪካ ኣብ ኣፍጋኒስታን ን20 ዓመታት ዘካየደቶ ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣብቲ ከባቢ ቁጽሪ ሸበራውያን ክውሰኽ ከም ዝገበረን ንጸጥታ ናይቲ ከባቢ’ውን ኣብ ሓደጋ ከም ዘውደቖን እዮም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝገልጹ።



## ደ/ሱዳን - ብሰንኪ ብርቱዕ ሙቐት ኣብያተ-ትምህርቲ ተዓጽየን

ኣብ ደቡብሱዳን ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ሙቐት፡ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ክዕጸዋ መንግስቲ እታ ሃገር ኣዚዙ።

እዚ ሕጂ ኣብታ ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ሙቐት፡ ኣብ ዝመጽእ ክልተ ቅነ ክሳብ 45 ዲሰንቲግሬድ ክበጽሕ ከም ዝኽእል ዘተሓሳሰቡ ሰበ-መዚ ምክትታል ኩነታት ኣየር ከተማ ጁባ፡ ኩሎም ነበርቲ ብሓፈሻ፡ ቈልዑ ድማ ብፍላይ ካብ ኣባይቲ ከይወጹ ኣጠንቂቖም።

ብቲ ብርቱዕ ሙቐት፡ ዛጊት ቀጽሮም ብጽሑር ዘይተገልጹ ሰባት ሞይቶም ከም ዘለዉ እውን ሳዕለምት ሰበመዚ እታ ሃገር ኣፍሊጦም።

ብተወሳኺ ዝሓለፈ ሰሙን ብሰንኪ’ቲ ብርቱዕ ሙቐት ኣብ ከተማ ጁባ ኣገልግሎት ኤለትሪክ ድሕሪ ምቁራጹ፡ እቲ ኩነታት ብኢሱ ምንባሩ ተሓቢሩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም ተኸሲቱ ዘሎ ‘ኤሊ-ኖን’ ዝተሰምየ ዘይንቡር ኩነታት ኣየር፡ ኣብ ሓያሎ ደቡብ ሱዳን ትርከበን ሃገራት ንዝጸንሐ ንቡር ኩነታት ኣየር፡ ክዘርን ይረአ ከም ዘሎ እዮም ጸብጻባት ዝጠቕሱ።

በዚ ኸኣ ዝሓለፈት ዓመት - 2023፡ ኣብ ታሪኽ እታ ዝወዐየት ዓመት ኮይና ከም ዝተመዝገበት እቶም ጸብጻባት የመልክቱ።



## “እስራኤል፡ ናብ ቓዛ ሰብኣዊ ረዲኤት ከይኣቱ ትዓግት ኣላ” ኦክስፋም

እስራኤል ኮነ ኢላ ናብ ወሸመጥ ቓዛ ሰብኣዊ ረድኤት ከይኣቱ ትዓግት ከም ዘላ፡ ብሪጣንያዊ ትካል ኦክስፋም ወቒሱ።

ኦክስፋም ነዚ ዝበልጽ ዘሎ፡ ሰብኣዊ ረድኤት ዝጸዓና 16 ዓበይቲ ማካይን ኣብ ዶብ ሰሜናዊ ክፋል ቓዛ ንልዕሊ 20 መዓልታት ብወተሃደራት እስራኤል ድሕሪ ምዕጋተን እዩ።

ኣብ ቓዛ ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ሕጽረት መሰረታውያን ጠለባት፡ ነበርቲ ናይታ ወሸመጥ ኣብ ዝመጽእ ወርሒ ግንቦት፡ ብኸቢድ ጥሜት ክጥቅዑ ምኳኖም እዮም ዝተፈላለዩ ክኢላታት ዘጠንቀቑ።

እንተኾነ ነዚ ዘንጸላሉ ዘሎ ሓደጋ ጥሜት ንምግታእ፡ ዛጊት ኑዩም ተጻበይቲ ሰብኣዊ ረድኤት ዝኾኑ ፍልስጤማውያን ተመዛበልቲ ዝተዋህበ ናይ መግቢ ሓገዝ ከምዘየለ እዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ዓለምለኻዊ ናይ መግቢ ፕሮግራም፡ ኣብ ቓዛ ከኪይዶ ዝጸንሐ ኩሉ ንጥፈታቱ ብሰንኪ ጸጥታዊ ቅልውላው ደው ከም ዝበሎ ይፍለጥ።

ኣብዚ እዋን’ዚ፡ ኣስታት 2.3 ሚልዮን ፍልስጤማውያን፡ ንዝኸፍአ ጥሜት ተቓሊዖም ከም ዘለዉ ይሕበር ኣሎ።

ኣብዘን ዝሓለፋ ሒደት መዓልታት ጥራሕ፡ ኣብ ቓዛ ብውሕዱ 16 ቈልዑ ብጥሜት ከም ዝሞቱ ጸብጻባት ጠቒሶም።

እዚ ከም ዘሎ እንከሎ፡ እስራኤል ትማሊ ሰሉስ ኣብ ራፋሕ ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ፡ መብዛሕትኦም ቈልዑ ዝኾኑ ብውሕዱ 14 ሰባት ከም እተቐትሉ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

ኣብ ወሸመጥ ቓዛ፡ እስራኤል ብእትፍጽሞ ዘሎ ሓያል ደብዳብ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቍጽሪ ኣስታት ልዕሊ 31 ሽሕ በጺሑ ከም ዘሎ ጸብጻባት የመልክቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣስመራ | 20/03/2024 | ጎደና ሓርነት ቁ.93-95፣ጥቓ መገዲ ኣየር ኤርትራ | 120491 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services